ሓዳስ ኤርትራ
መበል 35 ዓመት ቁ.283 ሰሉስ 28 ሓምለ 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ስነ-ስርዓት መመረቕታ ኮለጅ ሕክምናን ስነ-ፍልጠት ጥዕናን


ገጽ 5


ገጽ 7
ምልከታ

ገጽ 11
ዙርፈረንሳ - ፖጋቻ ምስ ሰብ ታሪኽ ተመዓራርዩ


# ዞባ ማእከል - ኣባላት መበል 39 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ናብ ሳዋ ወሪዶም

ተመሃሮ 11 ክፍሊ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2026/2027 ናይ 12 ክፍሊ ኣካዳሚያዊ ትምህርቶም ንምዝዛዎምን ኣብ መበል 39 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ግቡኦም ንምፍጻሞምን፡ ትማሊ ናብ ሳዋ ወሪዶም።

ካብዞም 56.2 ሚእታዊት ደቀኣንስትዮ ዝርከብኦም፡ ኣብ ክልተ እብረ ዝተኸፍሉ ተመሃሮ 22 ናይ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ናይ'ተን 13 ድሮ ክብበሱ ከለዉ፡ ናይ'ተን ዝተረፋ 9 ኣብያተ-ትምህርቲ ዝመጽኡ ዓርቢ 31 ሓምለ ክወርዱ'የም።

ተመሃሮ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ድርብ ረብሓ ዝለዎ ዕላማ ይብጽሑ ከምዘለዉ ኣጸቢቖም ከምዝተገንዘቡ ብምጥቃስ፡ ኣብ ትምህርቶም ንኽዕወቱ፡ ኣብ'ቲ ካልእ ሰልጠናታት'ውን ከም ዝቖደምዎም ኣሕዋቶምን ኣሓቶምን ብቐዓቶም ንምርግጋጽ እኹል ምድላዋት ገይሮም ምህላዎም ኣረጋጊጾም።

ወለዲ ብወገኖም፡ ደቆም ብቑዕ ፍልጠትን ሞያን ሰኒቖም ኣብ ትምህርቶም ክዕወቱ ኩሉ ዝከኣሎም ጻዕርታት ክገብሩን እሙናት ወረስቲ ሕድሪ ሰማእታት ክኾኑ ብንቕሓት ኩዳልውዎም ከምዝጸንሑን ብምጥቃስ፡ ብኹሉ መዳያት ዕዉታት ኮይኖም ክምለሱ ዘለዎም ተስፋ ገሊጾም።

ተመሃሮ ዞባታት ሰሜናውን ደቡባውን ቀይሕ ባሕሪ፡ ደቡብ፡ ጋሽ-ባርካን ዓንሰባን ኣቐዲሞም ከምዝወረዱ ዝፍለጥ'ዩ።

ኣብ ሳዋ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2025/2026 ናይ 12 ክፍሊ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ከምኡ'ውን ግቡእ ወተሃደራውን ፖለቲካውን ስልጠናታት ዝቐሰሙ ኣባላት መበል 38 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ብ11 ሓምለ ከምእተመረቑ ዝዝከር'ዩ።

ብደረጃ ዞባ ማእከል ድማ፡ 34.4 ሚእታዊት ተመሃሮ ናይ ዲግሪን ዲፕሎማን ወጽኢት ከምዘረኸቡ ይፍለጥ።


ስእሊ ዮውሃንስ ሙብራሁቱ

# ሃገራዊ ፈስቲቫል ኤርትራ 2026፡ ብወግዒ ተዛዚሙ

ኣብ ኣስመራ - ቀጽሪ ኤክስፖ ክካየድ ዝቐንየ ዓመታዊ ሃገራዊ ፈስቲቫል ኤርትራ 2026፡ ብ26 ሓምለ ብዝተኻየደ ወግዓዊ መዛዘሚ ስነ-ስርዓት ተዛዚሙ።

ኣብ'ቲ ሚኒስተራትን ኣመሓደርቲ ዞባታትን ዝርከብዎም ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን መንግስትን ግንባርን ዝተሳተፍዎ መዕጸዊ ስነ-ስርዓት፡ ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኣቦ-መንበር ሃገራዊ ኣወሃሃዲ ሽማግለ በዓላትን ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ኣብ ዘስመዮ ቃል፡ ፈስቲቫል - እቲ እወታዊ ሸነኹ ከም ኣገዳሲ ተመኩሮ ተወሲዱ፡ ኣብ ስራሕ ዘሎ ንዕበት ንጥፈቱ ክሳስዩ፤ እቲ ንኡስ ዘሎ ኸኣ ካብ'ዚ ተመኩሮ'ዚ ተማሂሩ፡ ደረጃ ምዕባለኡ ከበርኽ እቲ ተኽእሎ ዓቢ ምዃኑ ከምዘረጋግጽ ገሊጹ።

ኣምባሳደር ዘመደ ኣስዒቡ፡ ዝተቐሰመ ተመኩሮ ዓቢ መምህር ምዃኑ ከይተዘንግዐ፡ መጻኢ መደባት ዝያዳ ክጽብቐን ወጽኣታዊ ክኾናን ተወሲኺ ሓሳባትን መደባትን ኣገዳሲ ከምዝኾኑ ብምጥቃስ፡ ሃናጺ ርእይቶታት ኣብ እዋኑ ክርከብ ትጽቢት ከምዝገበር ኣዘኻኺሩ።

ንሓፈሻዊ ዕላማን ትሕዝቶን ብዝምልከት ኣብ ዝቐረበ ኣጠቓላሊ ጸብጻብ፡ ኣብ ናይ ለሚ ዓመት ፈስቲቫል 24 ምርኢታትን መደባትን ዝጠቓልል ንጥፈታት፡ ብልዑል ጻዕርን ተገዳስነትን ከምእተሰላሰለ፤ ንዝበረ ብልጫታትን ድኽመታትን ዝምልከት ሃናጺ ርእይቶታትን ለበዋታትን ድማ ንዝምልከቶ ኣካል ከምዝቐርብ ኣረዲኡ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ'ቲ ብስነ-ጥበባዊ መሰናድኦ ዝማዕረገ ስነ-ስርዓት፡ ናይ ተሳታፍነትን ምስጋናን ምስክር ተዓዲሉ።

ዝ ካብ 18 ሓምለ ጀሚሩ ንትሽዓተ መዓልታት ዝቐጸለ ሃገራዊ ፈስቲቫል፡ ኣስታት ፍርቂ ሚልዮን ነጋድያን ከምእተዓዘብዎ፡ ጸብጻብ ሃገራዊ ኣወሃሃዲ ሽማግለ በዓላት ሓቢሩ።

ኣብ'ዚ ብተሳትፎ ዞባታት፡ ሚኒስትሪታትን ካልኦት ኣካላት መንግስትን፡ ከምኡ'ውን ሃገራውያን ማሕበራትን ናይ ግሊ ትካላትን ደሚቑ ዝቐነየ ሃገራዊ ምትእኽኻብ፡ ያታውን ዘመናውን ምርኢት ሙዚቃ፡ መኣብሮን ደኩና ኣባይትን ብሄራትና፡ ሕርሻውን ባሕራውን ጸጋታት ኤርትራ፡ ሰሚናራትን ሞያዊ ኣስተምህሮታትን፡ ባዛር፡ ስእላውን ንዋታውን ምርኢት፡ ስነ-ጥበባዊ መደባት፡ ምርኢት ምህዞን ሰንዓን፡ ምርኢትን መሸጣን መጽሓፍቲ፡ ከምኡ'ውን ደያብ ህጻናትን ካልእን ቀሪቡ።


ስእሊ ክብሮም ጸሃየ

ዜና

# ፌስቲቫል፡ ኣብ ትንሳኤ ዕዮ ፊልም ሃገርና ልዑል ግደ ከምዘለዎ ተገሊጹ

ንሳልሳይ ዓመቱ ኣብ ሃገራዊ ፌስቲቫል ዝቐርብ ዘሎ ቑሸት ፊልም፡ ኣብ ትንሳኤ ፍርያት ፊልም ሃገርናን ጥበባቱን ልዑል ግደ ከምዘለዎ፡ ኣወሃሃድቲ ናይ'ቲ መደብ ገሊጾም።

ኣቦመንበር ኮሚቲ ፊልም ፌስቲቫል ኤርትራ 2026 ስነጥበበኛ ሳሙኤል ሃብተማርያም ኣብ ዝሃቦ መብርሂ፡ ቑሸት ፊልም ኣብ ርእሲ'ቲ ብሰንኪ ማሕበራዊ መራኸቢታት ብኣሉታ ተጸልዩ ዝጸንሐ ንጥፈታት ፊልም ናብ ንቡር ንምምላስ ዘሀልዎ እወታዊ ተራ፡ ማሕበረሰብ ዳይቲ ፊልም ዝጥርነፉሉ ባይታ ንምፍጣር፣ ብዓቢኡ ድማ ንቅሓትን ኣፍልጦን ሕብረተሰብ ኣብ'ቲ ዓውዲ ንምብራኽ ኣገዳሲ ከምዝኾነ ሓቢሩ።

"ዓውዲ ፊልም ዓሚቝን ሰፊሕን'ዩ" ዝበለ ስነጥበበኛ ሳሙኤል፡ ናብ ህዝቢ ዝቐርብ ፊልምታት ንዘሰነር ብድሆታት ብልክዕ ስለዘጓንፍርቖ፡ እቲ መስርሕ ዝሓለፎ ጻዕርን ተበጺሑ ዘሎ ደረጃን ንምግንዛብ ከምዘኽእል ብምጥቃስ፡ ቑሸት ፊልም ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ንዘጋጥሓ ሕጽረት ርድኢት ክፍውስ ከምዘኽእል ገሊጹ።

ንተራ ምምልኻዕ ማለት 'ሜኩኣፕ' ኣብ ፊልም ዘላሊ ትሕዝቶ ዘቐረበ ስነጥበበኛ ኬሽን ተወልደ ብወገኑ፡ 'ሜኩኣፕ' ተዋሳእቲ ንዝተዋህቦም ገድባር ብዝግባእ ንምምሳል ዘኽእል ኣገዳሲ ኣካል ዕዮ ፊልም ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ተበጺሑ ምስ ዘሎ ደረጃ ምዕባለ ከምዘሰጉም ንምግባሩ፡ ኣብ'ዚ ዓውዲ ዝንባለ ዘለዎም ተለልዮም ዝሰልጥኑሉ ባይታ ክፍጠር ተላቢዩ።

ነጋድያን ብወገኖም፡ ትሕዝቶ ቑሸት ፊልም፡ ንድሕረ-ባይታ ፊልም ኣብ ሃገርናን በጺሑዎ ዘሎ ደረጃን ዘጽር ኩይኑ ከምዝረኸብዎ ብምሕባር፡ ኣፍልጦ ሕብረተሰብ ኣብ ዕዮ ፊልም ንኸዕብሩ ዝሰፍሓሉን ዝያዳ ዝምዕበሉን መገዲ ንምጥጣሕ ብዕቱብ ክሰርሑ ኣዘኻኽሮም።

ብኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኣብ ፌስቲቫል 2024 ዝተጀመረ ምርኢት ቑሸት ፊልም፡ ምስ ኩርናዕ ፌስቲቫል ፊልም፣ ስነሲኖም፣ ኣልባሳትን ምምልኻዕን፣ ከምኡ'ውን ካልኦት ሜላታትን ጥበባትን ዕዮ ፊልም ዘላሊ ትሕዝቶ ፌስቲቫል፡ ምስሊ ኤርትራ ኣብ ሓደ ቅርዓት ዝንጸባረቐሉ ኢጋጥሚ ስለዝኾነ፡ ንምምዕባሉ ክሰርሕ መዘኻኸሪ ቀሪቡ።

ብዘይካ'ዚ፡

ፌስቲቫል፡ ምስሊ ኤርትራ ኣብ ሓደ ቅርዓት ዝንጸባረቐሉ ከምኡ'ውን መንነትናን ሓድነትናን ዝደምቀሉ ኢጋጥሚ ስለዝኾነ፡ ንምምዕባሉን ንምህብታሙን ክሰርሑ፡ ነጋድያንን ኣወሃሃድትን ኣዘኻኽሮም።

ኣብ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኣጸናዒ ባህሊ ኣቶ መሃድ ስሌማን፡ በበዓመቱ እናተመሓየሸ ዝመጽእ ዘሎ ቑሸት መኣብሮ፡ ያታዊ መሳርሒታት መዚቃ፡ ኣፋዊ ያታታትን ባህላዊ ጸወታትን፡ እቲ ንጋድያን ብዝበለጸ ዝማስጥ ትሕዝቶ ከምዝኾነ ብምንጻር፡ ንምሕያሉ ተሳትፎ ሕብረተሰብ ክዕዘዝ ጸዊዑ።

ዛጊት ብዙሓት ዝቐርብ ዘሎ መሳናድኢታት ብሓፈሻ ኣፋዊ ያታ ድማ ብፍላይ፡ መግለጺ ሓድነትናን መንነትና ስለዝኾኑ፡ ያታዊ ማብቐሉ ሓልዩ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ንምትሕልላፉ፡ ብመጽናዕቲ ዝተሰነየ ስራሕ ከምዝድለ ብተወሳኺ ገሊጹ።

ነጋድያን ብወገኖም፡ ፌስቲቫል ኣብ ምውራስ ባህሊ፡ ክብሪታትን ታሪኽ ጅግንነትን መኸተን ዝለዎ ተራ ብምጥቃስ፡ ኣብ'ዚ ንብዙሕነትናን ኣብኡ ዘሎ ሓድነትን ጥምረትን ዝገልጽ ቅርዓት፡ ሃገሮምን ህዝቦምን ብቐሊሉ ክፈልጡ ክኢሎም ከምዝኸኣሉ ኣረዲኦም።

ንሱየም ኣሰዪቦም፡ ምዕቃብ ባህልን ያታን ንመንግስቲ ጥራይ ዝምልከት ስለዘይኮነ፡ ኩሉ ዜጋ ኣበርክቶኡን ተሳትፎኡን ክዐቢ ተላብዮም። ፌስቲቫል፡ ምስሊ ኤርትራ ኣብ ሓደ ቅርዓት ዝንጸባረቐሉ ኢጋጥሚ ስለዝኾነ፡ ንምምዕባሉ ክሰርሕ መዘኻኸሪ ቀሪቡ።



ስእሊ.-ክብሮም ጸሃየ

---

# ሰንዓፈ - ኣብ ምሕያል መደባት ቅድመ-ትምህርቲ ተዘትዩ

ኣብ ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ ዝጋበር ወፍሪ፡ ኣብ ምሕያል ማሰርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ብሓፈሻ ወጽኢት ተመሃሮ ድማ ብፍላይ ልዑል ተራ ስለዘለዎ፡ ኣብኡ ዘድሊ ንጥፈታት ብወህደት ክስርሓሉ ከምዝዮ፡ ብ20 ሓምለ ኣብ ሰንዓፈ ኣብ ዝተጋብረ ዘተ ተገሊጹ።

ሓላፊ ስነምምህርና መምህር ብርሃ የውሃንስ ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ ኣቐዲሙ ብደረጃ ንኡስ ዞባ 16 ትካላት ቅድመ-ትምህርቲ ጥራይ ስለዝነበራ ብዙሓት ህጻናት ዕድል ክረኽቡ ከምዘይጸንሐ፡ እዚ ድማ ኣብ ብቕዓት ተመሃሮ ኣሉታዊ ጽልዋ ፈጢሩ ምንባሩ ብምጥቃስ፡ ካብ ዝሓለፈ ዓመት ኣትሒዙ 44 ሓደስቲ ትካላት ብምውዳድን ግና እቲ ዝነበረ ድሩትነት ከምእተፈትሐ ኣብሪሁ።



ኣብ ዝመጽእ ዓመተ-ትምህርቲ 2026/2027 ቀጽሪ ተሳተፍቲ ህጻናት ናብ ኣስታት 2,800 ክብ ክብል ትጸበ ከምዝዮ ብምሕባር፡ ዕድመኦም ንቕድመ-ትምህርቲ ዝኣኸለ ህጻናት ናብ መኣዲ ትምህርቲ ንኽቐርቡ፡ ተራ ስድራቤታት፡ መሻርኽቲ ኣካላትን መምህራንን ክዕዘዝ ኣተሓሳሰበ።



ሓላፊ ኣብያተ-ትምህርቲ ን/ዞባ ሰንዓፈ መምህር ዑመርዲን መሓመድ ብወገኑ፡ ህጻናት ዝዋግኡ ናብዮት ምስ ዝረኽቡ ኣብ ዝቕጽል ጉዕዞ ህይወቶምን ትምህርቶምን ሃናርም ስለዝኾነ፡ መምህራን ኣብ ቤት-ትምህርቲ፡ ወለዲ ኣብ ገዛ፡ ሕብረተሰብ ድማ ኣብ ከባቢ ግቡእ ክትትል ክገብሩሎም ተላብዩ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ኣቶ እድሪስ ዓሊ ሸክር ድማ፡ ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ ንምውሓስ ናይ ሓባር መረዳእታ ምህላው መሰረታዊ ስለዝኾነ፡ ተራን ኣበርክቶን ናይ ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ፡ ናይ ኣመሓደርቲ ከባቢ ከኣ ብፍላይ ክሕይል ኣተሓሳሰበ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ቅድመ-ትምህርቲ ዘይኣተዉ ህጻናት ከይህልዉ ብደረጃ ዓድታት መጽናዕቲ ክግበር፣ ከምኡ'ውን ኣብ ገለ ምምሕዳራት ከባቢ ማሰርሕ ህንጻት ሓደስቲ ትካላት ቅድመ-ትምህርቲ ክጅመር ዝብሉን ካልኦትን ርእይቶታት ቀሪቡ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ፡ ኣብ 22 ምምሕዳራት ከባቢ 60 መውዓሊ ህጻናት ኣለዋ።

---

# ዓንሰባ - ምስግጋር ያታዊ መሳርሒታት ሙዚቃ ይሰራሓሉ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ መለለዩ ባህልን መንነትን ሕብረተሰብ ዝኾኑ ያታዊ መሳርሒታት መዚቃ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ንምስግጋር ይሰራሓሉ ከምዘሎ፡ ኣብ ሃገራዊ ፌስቲቫል ቀሪቡ ዘሎ ትሕዝቶ መርኣያ ምኻኑ ተገሊጹ።

ዳይረክተር ያታዊ ትልሂትን መዚቃን ኣቶ ፍስሃየ ደብሳይ፡ ሃገራዊ ፌስቲቫል ንምድማቕ ብዝተገብረ ሓያል ምድላዋት፡ ንተለሃይቲ ዘሰንዩ - በናን፡ ዋጣ፡ ሻምብቆን ክራርን ዝርከብዎም 11 መሳርሒታት ያታዊ መዚቃ፡ ባህላዊ ጺጋታት ናይ'ቲ ዞባ ኣብ ምንጽብራቕ ዓቢ እጃም ይጉብኡ ከምዘለዉ ሓቢሩ።

እዞም መሳርሒታት ብመንእሰያት ይውቅዑ ምህላዎም፡ እቲ ሞያ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተሰጋገረ ይኸይድ ከምዘሎ ዘርኢ ምኻኑ፣ ንዝያዳ ብሉጽነት ግን ቀጻሊ ልምምድን ጻዕርን ከምዘድሊ ኣገንዚቡ።

ኣብ መዳይ ትልሂት'ውን በበዓዚኡ ዝርአ ዘሎ ተስፋ ዝህብ ኽኢጋስ ቀጻልነቱ ንኽውሓስ፡ ከም'ዚ ሃገራዊ ፌስቲቫል ካልኦት ኢጋጥሚታት ብስሩዕ ክውደብ ኣገዳሲ ምኻኑ ገሊጹ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ንኣሳብረ፡ ኣለብቦ፡ ኣመጋግባን ካልእን ዝገልጽ ትሕዝቶ ያታዊ ደኮና ኣብይቲ፡ ኣብ ምልላይ ፍሉይነት ብሄረትናን ጸጋቓአንን ኣበርክቶ ይገብር ከምዘሎ፡ ካብ ኮሚቲ ደኮና ኣብይቲ መምህር ዓብዱ ኣዳዲ ሓቢሩ።

ብኣቀራርባኡ፡ ትሕዝቶኡን ካልእን ካብ ዓመት ናብ ዓመት እናበለጸ ኣብ ዝመጽእ ዘሎ ያታዊ ደኮና ኣብይቲ፡ ለሚ ዓመት ህድሞ ናይ ብሄረ ትግርኛ፣ ረሴት ናይ ብሄረ ትግረ፣ ከምኡ'ውን ኣጉዶ ናይ ብሄረ ብሌን፡ ባህላዊ መልክዑ ከይጥፍኣ ምቕራብ፡ ካብ በጻሕቲ ኣድናቖት ከምዝረኸበ ብተወሳኺ ኣብሪሁ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

ሪፖርታዥ

# ስነ-ስርዓት መመረቕታ ኮለጅ ሕክምናን ስነ-ፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ

ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)
ስእሊ፡- ኣኽሊሉ ዘርእዝጊ

ትምህርቲ፡ መሰረት ልምዓትን ህንጸትን ሕብረተሰብን ሃገርን'ዩ፡፡ ከምኡ ስለ ዝኾነ ድማ'ዩ "ዘይተማህረ ኣየድሕን ዘይተወቕረ ኣየጥሕን" ክበሃል ኣቦዋት ዝመሰሉ፡፡ መሰረት ወጽኢት ድልዱል ቀጥበ ሓንቲ ሃገር ኣብ ስልጡን ሕብረተሰብ ይምርኮስ፡፡ ሕብረተሰብ ብውልቀ ሰባት ዝቖመ እዩ፡፡ ስለዚ፡ ሰብ፡ ዕቑር ጸጋን ሃብቲን ሃገር ክኸውን፡ ታሪኹ፡ ባህሉን ስነ-ምግባር ሕብረተሰቡን መንነቱን ማእከል ዝገበረ ዓቕምን ፍልጠትን ክጥሪ ይግባእ፡፡ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ ሃገርና፡ ብትምህርቲን ስነ-ምግባርን ዝኸሰኩሉ ሞያውያን ዜጋታት ኣብ ምፍራይ ዝጉበርኦ ዘለዋ ጻዕሪ ድማ፡ ኣብ ማዕርሕ ምዕባለ ሃገር ዓቢ እጃም ከም ዘለዎ ዘጠራጥር የብሉን፡፡




ዶክተር ጕይትኦም ሓጉስ

ብቑዕ ፍልጠትን ክእለትን ዝዓጠቐ ሞያዊ ዓቕሚ-ሰብ ብምፍራይ፡ ብቑዓት ኣገልግሎት ጥዕና ሃገርና ክብ ንምባል ዜጋታት ኣብ ምፍራይ ዝርከብ ኮለጅ ሕክምናን ስነ-ፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ፡ ብዝተፈላለየ ዓውድታት ጥዕና ዝምሃሮም፡ 68 (59.6 ሚእታዊት) ደቀንስትዮ ዝርከብኦም ንኻይ ግዜኡ ብቐዳም 25 ሓምለ 2026፡ 114 ተመሃሮ ኣመረቐ፡፡

ድልየትን ጠለብን ሕብረተሰብ ዘማልእ ስርዓተ ትምህርቲ ብምኽታል ዜጋታት ኣብ ምፍራይ ዝርከብ ኮለጅ ሕክምናን ስነ-ፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ፡ ኣብ ርእሲ እቶም ዝበሩ ፕሮግራማት ሓፈሻዊ ሕክምና፡ ነርስ፡ ፋርማሲን ክሊኒካዊ ላቦራቶሪ ብዲግሪ ቴክኒሻናት ስነ-መድሃኒት፡ ክኢላታት ሰብ ሞያ ጥዕና ኣካብ፡ ቴክኒሻናት ሕክምናዊ ላቦራቶሪ፡ ቴክኒሻናት ስነ-ራጂ፡ ቴክኒሻናት ሕክምና ስኒን፡ ሓፈሻዊ ነርስን፡ ካብ 2020 ጀሚሩ ኣገልግሎት ጥዕና ብዓይነትን ብዝሕን ቀረብን ንምምሕያሹ ኣብ ናይ ድሕረ-ምረቓ ፕሮግራም ብፍሉይ ክእለት ሕክምና (clinical specialization) ጠመተ ብምግባር፡ ፍሉይ ክእለት ብሕክምና ህጻናትን፤ ፍሉይ ክእለት ማህጸንን ሕርስን ጥንሰን) ብኽልተ ዝጀመረ ፕሮግራማት፡ ኣብዚ እዋን'ዚ፡ ዓውደ ትምህርቲ ብፍሉይ ክእለት፦ (ሕክምና ወሽጣዊ ሕማማት፡ ሕክምና መብጣሕቲ፤ ሕክምና ራጂን ስእላዊ ቀረጻ ሕክምና ማህጸንን ሕርስን ጥንሰን፤ ሕክምና ህጻናት፡ ከምኡ ድማ ፍሉይ ሕክምና ዓይኒ) ዘጠቓልል ናብ ሽውዓተ ፕሮግራማት ክበብ ብምባል፡ ኣገልግሎት ምምሃርን ምስትምሃርን ኣብ ምቕጻል ይርከብ፡፡

ኣብቲ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት ምረቓ፡ ሚኒስተር ጥዕና ኣሚና ኑር-ሑሴን፡ ፈጻሚ ዳይረክተር ሃገራዊ ኢንስቲትዩት ላዕለዎት ትካላት ትምህርትን ምርምርን ዶ/ር ሃይለ ምሕጹን፡ ሰበስልጣን መንግስቲን ህግደፍን፡ ሓለፍቲ ሃገራውያን ማሕበራት፡ መራሕቲ ሃይማኖት፡ ኣምባሳደራት፡ ዲናት ኮለጃት ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ፡ ዕድመ ዝተገበረሎም ኣጋይሽ፡ ወለድን ተመረቕቲን ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ሰዓታት ንግሆ ኣብ ቀጽሪ ዩኒቨርስቲ ኣስመራ ዝተኻየደ ናይ ምምራቕ ስነ-ስርዓት፡ ዲን ኮለጅ ሕክምናን ስነ-ፍልጠት ጥዕናን ኦሮታን ዶ/ር ጕይትኦም ሓጉስ እዩ፡፡

ንተመረቕቲን ወለዲን "እንቋዕ ኣሓጎሰኩም የሃና!" ዝበለ ዶ/ር ጕይትኦም፡ ኣስዒቡ፡ ምምዕባል ዓቕሚ ሰብ፡ ሓደ ካብ ናይ ቀዳምነት ቀዳምነታት ዝወሃቦም ውጥን ሃገርና ምዃኑ ጠቒሱ፡ እዚ ንምትግባር መንግስቲ ኤርትራ፡ ቀጻልነት ትምህርቲ ንምውሓስ፡ ልዑል ፋይናንሳዊ ወጻኢታት ብምስላዕ፡ ሚኒስትሪ ጥዕናን ትካላት ትምህርቲ ሕክምናን ብሓባር ብምስራሕ፡ ኣብ ምምዕባል ዓቕሚ ሰብን ምድላዋት ንዋት ሕክምናን ብምውዳድ፡ ብዓይነቱን ብቕዓቱን ብሉጽ፡ ብዝርገሐኡን ሰፊሓቱን ምዕሩይ፡ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ዘተኮረ ዕማማት የሰላስሉ ምህላዎም ኣረዲኡ፡፡

ኣብ ኣካዳምያዊ ዓመት ትምህርቲ 2025/26፡ ኣብቲ ኮለጅ፡ 705 (60.2 ሚእታዊት) ደቂ ንስትዮ ዝርከብኦም 1,172 ተመሃሮ ኣብ ዝተፈላለየ ዓውድታት ትምህርቲ ተመዝጊቦም ትምህርቶም ክከታተሉ ከም ዝሓገዙን ካብዚኦቶም እቶም 901 ኣብ ዝተፈላለየ ዓውድታት ፕሮግራም ናይ ዲፕሎማ፡ 222 ናይ ዲግሪ ፕሮግራም፡ 11 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም 49 ሓፈሻዊ ሓካይም፡ ኣብ 7 ናይ ድሕረ-ምረቓ ፕሮግራማት ናይ ፍሉይ ክእለት ሕክምና (clinical specialties) ይከታተሉ ምህላዎም ከምኡ'ውን፡ ኣብዚ ዓመት እዚኣ 10 መምሃራን ናይ ድሕረ ምረቓ ትምህርቶም ኣብ ወሻጥን ወጻኢን ይከታተሉ ምህላዎም ዝሓበረ ዶ/ር ጕይትኦም፡ ኣብቲ ኮለጅ 87 መማህራን ምህላዎምን 64 (73.6 ሚእታዊት) ኤርትራውያን፡ ዝተረፉ 23 ድማ ወጻእተኛታት ምዃኖም ወሲኹ ኣረዲኡ፡፡

ፖሊሲ ምምዕባል ሰብዊ ዓቕሚ ጾላት ሕክምና፡ ሓደ ካብ ናይ ቀዳምነት ቀዳምነታት ስትራተጂ መንግስቲ ኤርትራ'ዩ፡፡ ነዚ መሰረት ብምግባር፡ ኮለጅ ሕክምናን ስነ-ፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ፡ ብቑዕ፡ ተባጻሒ፡ ምዕሩይን ርትዓውን ኣገልግሎት ጥዕና ንምሃብ ኣብ ዝጥዩ ዜጋታት፡ ብዓቕሚን ፍልጠትን፡ ብቑዓት፡ ርህሩሃትን ሞያዊ ዲሲፕሊን ዘውንኡን ሰብ ሞያ ጥዕና ኣብ ምፍራይ ትርከብ፡፡ ማዕረ-ማዕረ ናይዚ፡ ደረጃኡ ዝሓለወ ናይ ድሕረ-ምረቓ ትምህርቲ'ውን ብክልሱ-ሓሳብን ግብርን ተሰንዩ ከም ዝወሃብ በሪሁ፡፡

ብመሰረት ሓበሬታ ዶ/ር ጕይትኦም፡ እቲ ኮለጅ ኣብዚ ናይ ሎም ዓመት 5ይ ጽንብል መመረቕታ ተመሃሮኡ፡ ጠቕላላ ተመረቕቲ 114 እዮም፡፡ 35 ካብዚኦቶም ማለት 17 ቴክኒሻናት ሕክምናዊ ላቦራቶሪ፡ 18 ቴክኒሻናት ሕክምና ስኒን ብዲፕሎማ ዝተመረቑ'ዮም፡፡ 9 ብላቦራቶሪ ሳይንስ 26 ብዝተፈላለየ ዓውድታት - ኣንስተዝያ፡ መወለዲን፡ ሓፈሻዊ ነርሲን፡ ህጹጽን ጽኑዕ ክትትልን ነርሲን) 26 ሓፈሻዊ ሓካይም ብዶክተረይት፡ 61 ብዲግሪ፡ 5 ወሽጣዊ ሕማማት፡ 5 ክኢላታት ሕክምና መብጣሕቲ፡ 3 ክኢላታት ራጂን ስእላዊ ቀረጻ ሕክምናን፡ 3 ክኢላታት ሕክምና ማህጸንን ሕርስን ጥንሰን፡ ሓደ ክኢላ ስነ-ሕማምን 1 ክኢላ ሕክምና ህጻናትን 18 ድማ፡ ብፍሉይ ክእለት ሕክምና (specialty in clinical medicine)፡ ብናይ ድሕረ ምረቓ ዝተመረቑ'ዮም፡፡ እቲ ኮለጅ ብፍላይ ኣብ ናይ ድሕረ-ምረቓ ፕሮግራሙ፡ እዚ ናይ ሎም ዓመት ንኻልኣይ ግዜኡ እዩ፡፡ ምሩቓት ሎም ዓመት ድማ፡ ክብ ኢሎም ዝተጠቕሱ ሽድሽተ ዓይነት ፍሉይ ክእለት ሕክምና ትምህርቶም ዝተኸታተሉ እዮም፡፡ እዚ ድማ፡ ኣብ ሃገርና ንዝርአ ዋሕዲ ክኢላን፡ ሕጽረታት ሞያውያን ሕክምናን ኣብ ምምላእን፡ ብቑዓት ኣገልግሎት ጥዕና ብዓይነትን ብዝሕን ኣብ ምብራኽን ዘምጽኦ ለውጢ ዓቢ ምዃኑ'ዩ፡፡

ዲን ኮለጅ ሕክምናን ስነ-ፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ ዶ/ር ጕይትኦም ሓጉስ ኣብ መወዳእታ፡ ዕለተ መመረቕታ ሓደ መድረኽ ናይ ትምህርቲ ዛዕምኡ፡ ናብ ካልእ ዝለዓለ ትምህርቲን ናይ ስራሕ ዓለምን ትወፍረሉ ወይ ትሰጋገረሉ ኣጋጣሚ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ተመረቕቲ ናብ'ዚ ደረጃ ንኽበጽሑ ንዝጸዓሩ ወለዲ፡ መምህራን፡ ህዝብን መንግስትን ብቕንዕና ክለኣኽምም ብምትሕስሳብ፡ ኣብ ስርሖም ኣሳልጦ፡ ኣብ ተበጻሕኦም ድማ ዓወት ተመንዩ፡፡

ሰብ ዝሓሰቦ ደረጃ በጺሑ፡ ጻማ ፍረ-ጻዕሩ ተመሪቑ ክርኢ ዝፈጥረሉ ባህታን ደስታን ዝዓቢ ጸጋ የልቦን፡፡ ተመረቕቲ ኮለጅ ሕክምናን ስነ-ፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ፡ ትማሊ ተመሃሮ'የም ነይሮም፡፡ ካብ ድሕሪ ምረቓኦም ንደሓር ግን፡ ብዋዕዩም ዜጋታቶም ንምግልጋል ኣብ ስራሕ ዓለም ክዋፈሩ ተዳልዮም ኣለው፡፡ ገለ'ውን ኣብ ስራሕ ዝጸንሑ ይርከብዎም፡፡ ካብዚ ብምብጋስ ናይ ክብሪ ዕድምቲ ሚኒስተር ጥዕና ኣሚና ኑር-ሑሴን ንተመረቕቲን ንወለዲ ተመረቕቲን 'እንቋዕ ኣሓጎሰኩም' ድሕሪ ምባል፡ ክወሃብ ዝጸንሐ ሞያዊ ትምህርቲ፡ ክውን ንምግባሩ ፍልጠቶምን የዋህ ሓልዮቶምን ዘለኽሉ መምህራንን ሰራሕተኛታት ናይቲ ኮለጅን ድማ መጕሳ ገሊጹ፡፡

ሚኒስተር ኣሚና ቀጺላ፡ መንግስቲ ኤርትራ፡ ካብ ናጽነት፡ ኩልንትናኣዊ ህንጸት ሃገርን ማሕበራዊ ፍትሒን ክውን ንምግባር፡ ምምዕባል ዓቕሚ ሰብ ካብ ቀዳምነት ቀዳምነታቱ ብምስራዕ፡ ኣብ መላእ ሃገር፡ ሰፊሕ ዝርግሐ ዘለወን ኣብያተ ትምህርቲ ይከፍትን ዘድሊ ዓቕሚ ሰብን ንዋትን ኣዕጢቑን ኩሉ ዜጋ ናጻን ማዕረ ዕድልን ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ከምዝረክብ ከምዝገበረ ጠቒሳ፡ ከም ወጽኢቱ፡ ኣብ ሃገርና ኣብ ኩሉ ጽላታት ጥዕና ተረኺቡ ዘሎ ዓወታት ከምዝኩብ ከምዝተኻእለን ተቐሲሙ ዘሎ ፍልጠትን ክእለትን ኣብ ረብሓ ሃገርን ህዝብን ከውዕል ከም ዝኾኦን መንግስቲ ከም ዘሰመረሉ'ውን ኣዘኪራ፡፡

ከም ኣብ ኩሉ ጽላታት፡ ኣብ ጽላት ጥዕና'ውን ዕድል ትምህርቲ ንኹሉ ዜጋ ብሞዕረን ብናጻን ሳላ ዝተዋህበን ዓቕሚ ሰብ ሳላ ዝፈረየን፡ ካብዚ ተበጊሱ መንግስቲ'ውን ኣብ መላእ ሃገር ብዓንተቦኡ ትካላት ጥዕና ሳላ ዘዋደደን፡ ዝኣልጠ ዓቕሚ ሰብ ፈርዩ ኣብ መላእ ሃገር ሳላ ዝተመደበ፡ ጥዕና ህዝብና ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ከም ዝርከብ ዝሓበረት ሚኒስተር ኣሚና፡ ብሳ'ዚ ኤርትራ ነቲ ኣቐዲሙ ብሽቶታት ሚልዮኒዩም ዝፍለጥ ዓለማዊ መደብ ጥዕና ተዓዊታ ኮይና ምጽንሓ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ድማ፡ እዚ ዝምልከት ፖሊሲን ውጥንን ጥዕና ተዳልዩ ኣብ ትግባረ ከም ዝርከብን ንምዕዋቱ ብዕቱብ ይሰርሓሉ ምህላወን ኣፍሊጣ፡፡ ኣብ መወዳእታ ድማ፡


ዶክተር ስምኦን ወልዱ ምስ ስድራ-ቤቱ

ተመረቕቲ፡ ንዝሎና ሃገራውን ዓለማውን መደባት ጥዕና፡ ከም ወትሩ ዕዉታት ኮይንና ክንርከብ ገና ዓቢ ስራሕ ይጽበየና ምህላዉ ተገንዚቦም፡ ህዝብና ዘድልዮ መሰረታዊ ጥዕናዊ ኣገልግሎት ክረክቡ፡ ጥዕና ህዝብና ዝተማልአ ንምግባርን ብየብኡ ድማ ደረጃኡ ዝሓለወ ጥዕናዊ ኣገልግሎት ክዉን ንምግባር፡ ከም ሃገር ሓያል ስራሕ ይጽበየና ስለ ዘሎ፡ ብዝቐሰምዎ ክቡር ሞያ፡ ኣሰር ዝቐደሙ ብጾቶም ብምኽታል፡ ንህዝቢ ብቕንዕና ክገልግሉ ኣተሓሳሲባ፡፡


ወከል ተመረቕቲ ብወገኡ፡ ተመረቕቲ ናብ ደረጃ መመረቕታ ክበጽሑ ነዊሕ ከም እተጓዕዙን ኣብዚ ዕለት ድማ፡ ፍረ ናይ'ቲ ነዊሕ ተጓዒዞም ዝቐሰምዎ ትምህርቲ ክሓፍሱ ምብቅዖም፡ ልዑል ሓጎስ ከም ዝስምዖም ጠቒሱ፡ ንዝተመሃርዎ ብዚይ ተገላባጥነትን ብንጹህናን ቅንዕናን ኣብ ጥቕሚ ህዝብን መንግስቲን ከውዕልዎ ድሉዋት ምህላዎም ብስም ኩሎም ተመረቕቲ ናይ'ታ ዕለት ኣረጋጊጹ፡፡


ሚኒስተር ኣሚና ኑር-ሑሴን

ንመዛኑኦም ተመረቕቲ፡ "የሃና፡ እንቋዕ ኣብቅዓና!" ብምባል፡ ምስ ስድራ ቤቶምን ብጾቶምን ብሓጎስ ተሓቛቚፎም እናተሰዓዓሙ ዝረኸብናዮም ተመረቕቲ፡ ብናይ ድሕረ ምረቓ ብፍሉይ ክእለት ናይ መጥባሕቲ ዶ/ር ሳይሞን ወልዱን ተመራቒት ዓውዲ ስነ-ምድንዛዝ (Anesthesia) ብዲግሪ ነርስ ዲቦራ ዳዊትን እዮም፡፡ ስምዒታቶም ከካፈሉና ድማ ተወከሱናዮም፡፡

ዶ/ር ሳይሞን ናይ 4 ዓመት ናይ ድሕረ ምርቓ ትምህርቱ ዛዚሙ'ዩ ናብ ምምራቕ በጺሑ፡፡ ዝቐሰሞ ትምህርቲ ፍሉይ ክእለት መጥባሕቲ ኮይኑ፡ ብኽኢላታት ደቂ ሃገርን ወጻእተኛታትን ከም እተዋህቦም፡ ከበድ ጻዕሪ ዝሓትት፡ ናብራኻ ንጎድኒ ገዲፍካ ኩሉ ግዜ ኣብ ሆስፒታል ክትህሉ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብኡ ክትውዕልን ክትሓድርን ብኸፍካ ስለ ዘይስራሕ ኸኦ፡ ህይወት ክተድሕን ሓንሳብ ስራሕ ምስ ጀመርካ ብደውካ ኣውዒሉ ዘሐድር፡ ድልዱል ቁመና፡ ዓቕሊን ትዕግስቲን ዝሓትት ስራሕ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ስራሕ መጥባሕቲ፡ ጥቡብ ኣድ ዝሓትትን ከበድ ሓላፍነት ዘለዎምን ኣህላኺ ዓውዲ ምዃኑ ኣዘኪሩ፡፡ እዚ ኩሉ ሓሊፉ እቲ ትምህርቲ ዕወት ምንባሩን ተመረቕቲ ድማ፡ ብገዛዚብ ህዝብን መንግስቲን ከም እተማህሩን እዚ ኹሉ ድማ ንህዝቢ ንምግልጋል ዝተኸፍለ ዋጋ ምዃኑ ኣረዲኡ፡፡

ናብ 9ይ ገጽ ይቕጽል


ነርስ ዲቦራ ዳዊት ምስ ስድራኣ

ሪፖርታዥ

# ፈስቲቫል ኤርትራ 2026፡ ብልዑል መዓርግ ተዛዚሙ

ኣብርሃም ዘርአ (ወዲ-ሃለቃ)
ስእሊ:- ክብሮም ጸሃየ
ኣብርሃም በየነ

ፈስቲቫል ኤርትራ 2026፡ ሰንበት 26 ሓምለ ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ኣብ ኣደራሽ ጂ-3 ብልዑል መዓርግ ተዛዚሙ። ኣብ ዓመት ሓንሳብ ጥራሕ ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ ዝእንገድ ሃገራዊ ፈስቲቫል ኤርትራ፡ ሎሚ ዓመት'ውን ከም'ቲ ልሙድ ዝተፈላለዩ ትሕዝቶታት ሓቑፉ ናህሪ በጺሑ፡ ከይዝሕል ብውዕውዕ መንፈስ ተዛዚሙ።

እዚ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ቀጽሪ ኤክስፖ ዝተፈላለዩ ንህልና ያታኹ ንትምህርትን ምህዞን ሰንዓን፡ ምርኢት ጉጅለ ባህልታትን መጻሕፍትን፡ ኤግዚብሽን፡ ያታዊ መኣብር፡ ኣፋዊ ያታታት፡ ምልክት ያታዊ መርሐታት መዚቃ፡ ሰሚናራት፡ ውድድራት ሓጺር ዛንታን ግጥምን፡ ቁሸት ፊልም፡ መደባት ትልሂት፡ ኩርናዕ ድራማ፡ ሞኖሎግ፡ ስታንድኣፕ ኮሜዲ፡ ድግማ ደርፊ፡ ምምራሕ መደብ ... ከምኡ'ውን ካልኦት ትሕዝቶታት ብምቕራብ፡ ንታሸዓይ መዓልቱ ብምቑጻር ዝተዛዘመ ሃገራዊ ጽንብል፡ ብኹሉ መለክዒታቱን ኣሸሓት በጻሕቱን ኣደናቒት ከም ዘተረፈ ይፍለጥ። ፈስቲቫል ኤርትራ ዓመት መጸ እናማዕረገን እናሰፍሐን ክኸይድ ትጸቢት ተዳቢሩሉ ከም ዘሎ'ውን፡ ኣብ ሰዓቱ ብዘጋደያን ተገሊጹ እዩ።

ወግዓዊ መዛዘሚ ጽንብል መደብ ፈስቲቫል ክሳብ ዝጅመር፡ ኩሎም ኣባላት ያታዊ ጉጅለ ባህሊ ዞባታት፡ ብሓደ ረምታ ድምጻን ጣቕዒትን ብዝተፈላለዩ ሕሩያት ያታዊ ጣዕመ ዜማታት ኣሰንዮም ነቲ ኣዳራሽ ኮማምቑዎ ተራእዮም። ሃዋህው ናይቲ ጽንብል ድማ፡ ፋሕፋሕ በሉ።

ካዕለዎት ሰበስልጣን መንግስትን ግንባርን፡ ዕዱማት ኣጋይሽ፡ ተሳተፍቲ ፈስቲቫል፡ ሱታፍነኛታት ኣብ ዝተረኽቡሉ ወግዓዊ መዛዘሚ፡ ልክዕ ሰዓት 5፡20 ድ.ቀ ምስ ኮነ፡ መደብ ኑቶም ምእንቲ ህላወናን ክብረትናን ዝወደቑ ሓርበኛታት ጀጋኑ ብምዝካር፡ ብዝኸረ ሰማእታት ፈለሙ።

ከም መፋወሲ ናይቲ መደብ ድማ፡ ብሱታፍነኛ ጉብረሃወት ጸጋዩ ዝተገጥመት፡ "ነዊሕ" ብዝተብሃል ደርፊ ድምጻዊ ረዘ ኣለም፡ መደባት ስነስርዓት ናይቲ መዛዘሚ ኣሃዱ በሉ። ብድሕሪኡ ቃል ኣቦመንበር ሃገራዊ ኣወሃሃዲ ሽማግለ በዓላት፡ ኮምሽነር ኮምሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ብኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ እዩ ሰዒቡ። ኣምባሳደር ዘመደ፡ "ፈስቲቫል ዓቢ ሃገራዊ ንግደት እዩ" ድሕሪ ምባል፡ ፈስቲቫል ኤርትራ ካብ ዓመት መጸ ዝእንገድ ጽንብል ብምዃኑ፡ ብሉጻት ወርሻታት ሃገር ዝመሓላለፈሉ መደብ ምዃኑ ኣብሪሁ።

ኣስዒቡ ኣቶ ዘመደ፡ ኣብዚ ዓመት'ዚ ዝተኣታተወ ሓድሽ መደባት'ውን ንፈስቲቫል ደምቀትን መዓርግን ዝሃቡ ፈተነታት ምንባሮም ብምጥቃስ፡ ንቐጻሊ ብዝበለጸ ክወሃሉ መታን ንዝምልከቶ ኣካል ሓላፍነት ዘሰኽም ከም ዝኾነ ገሊጹ። ንሱ ወሲኹ፡ ኣብዚ ዓመት'ዚ ካብ ወጻእን ውሽጥን ሃገር ብዝለሓ ናይ'ቶም ብኣካል ዝተሳተፉ ነጋድያን ልዕሊ 500 ሽሕ ከም ዝኾነ ብምብራህ፡ ፈስቲቫል ንጥምረትን ሓድነትን ህዝቢ ኤርትራ ዘኩልሕ ሃገራዊ ውራይ ምዃኑ ደምዲሙ።



ብድሕሪኡ መደብ ብቖጥታ ናብ ያታዊ ምርኢት ዞባታት እዩ ተሰጋጊሩ። ፈለማ ድማ፡ ያታዊት ጉጅለ ባህሊ ትልሂትን መዚቃን ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ እዋን መርዓን ደርዓን ብሓፈሻ ናይ ሓጎስ ኣጋጣሚታት ኣብ'ቲ ብዙር ዝውቱር ዝኾነ ጸወታ "ምርግዲ" ወይ ድማ "ወረደ" እዩ ሒዛ ቀሪባ። ምርግዲ ኣብ ሕብረተሰብ ብዙሕ ትግረ ፍቱው ጸወታ ኮይኑ፡ ብዘይካ እቶም ዝ. ጸወታ ዝጻወትዎ መንእሰያት፡ ዓብይቲ ዓዲን ቈልዑን ከይተረፉ ዝሕወስዎ ጸወታ እዩ። ምኽንያቱ ቈልዑ ካብ ዓብይቲ ኣሕዋቶምን ወለዶምን ክመሃሩ ስለዝሕሱብ እዩ።

ንዓኡ ተኸቲሎም ድማ፡ ኣባላት ያታዊ ጉጅለ ትልሂትን መዚቃን ዞባ ደቡብ፡ "ዓሊባ" ዝበሃል ጸወታ ወግዒ ብዙሕ ሳሆ እዮም ኣቕሪቦም። 'ዓሊባ' ሓደ ካብቶም ዘውቱራት ባህላዊ ኣቀማቕማ ብዙሕ ሳሆ ኮይኑ፡ መንእሰያት ደቂ እቲ ብሄር ዘዘውትርዎ ኣቀማቕማ ምዃኑ እዩ ዝፍለጥ። ዓሊባ ኣብ ሕብረተሰብ ሳሆ ዓቢ ተራ ዘለዎ ኮይኑ፡ ኩሉ ነገር ክሰርሑን ኣብ ዝኾነ ኣጋጣሚታት ክሳተፉን ዝኽእሉ ዓቕሚ ኣዳም ዝጽሕሉ ሰባት እዮም። ብሓንቲ ስም ድማ "ዓሊባ" ብዝብል ስያመ ይጽውዑ።

ቀጺሉ ጸብጻብ ፈስቲቫል ኤርትራ 2026፡ ብሱታፍነኛ ሰለሙን ድራር እዩ ቀሪቡ። ንሱ፡ ናይ ሎሚ ዓመት ፈስቲቫል፡ "ጽንዓትና ዋሕስና" ብዝብል መሪሕ ቴማ ብ18 ሓምለ ብኽቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብወግዒ ተኸፊቱ ክሳብ 26 ሓምለ 2026 ብዮኡምን ሰላምን ኣገባብ ከም ዝተኻየደ ድሕሪ ምሕባር፡ ቀጽሪ ኤክስፖ ብኣሽሓት ነጋድያ ኣዕለቕሊቓ ከም ዝቐጸት ገሊጹ። ኣብዚ ንትሸዓተ መዓልታት 24 ምርኢታትን መደባትን ሒዙ ብልዑል ተገዳስነትን ጻዕርን ዝተሰላሰለ መደባትን ውድድራትን ፈስቲቫል፡ ኣብ መጻኢ ብዝሓሸ ውዳበ ንምትግባር፡ ዝበሮ ብሉጻት ብልጫታትን ንምዕቃብን ዝበረ ድኽማት ድማ ብመማሓየሺ ርእይቶታትን ለበዋታትን ናይ ነፍሲ-ወከፍ መደባት ብዝርዝር ኣቕሪቡ።

ብድሕሪኡ፡ ኣባላት ያታዊ ጉጅለ ትልሂትን መዚቃን ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ንፍቱው ወግዒን ልምድን ሕብረተሰብ ብዙሕ ዓፋር ዝገልጽ ዘደንቕ ምርኢት ምስ ኣቕረቡ፡ ኣባላት ያታዊ ትልሂትን መዚቃን ዞባ ማእከል "ዘሎኣም ስለዝኣኸለ ከቱምብሮዛ" ዝብል ወግዒ ሒዞም መድረኽ ተረኪቦም። ዐፍ ከምብሮዛ ኣብ እዋን ሃገስ ማስቀል እትቕልቀል እንስሳ ኮይና፡ እዚ ማእከል ብምግባር ድማ ጎረዛትን ኣቦጽሕ መንእሰያትን ኣብ'ዚ እዋን ማለት እዋን ሆየ-ሆየ ካብ በረኻ ጓይላ ክጻወቱ ዓዲ ምስ ደኣቡ፡ ባህግታቶም ዝሰምዑሉ ቅንያት እዩ። ኑተን ዝሓረደወንን ቀጻሊ ዘውድቑለንን ደቂ-ዓደም ንሓዳር ዝመርጹሉ ኣገባብን ጥባዞን ዘርኢ ድራማዊ ትርኢት እዩ። ከይተረእዩ ኣብ ሳንጣኦም ቋጺሮሞ ብዝመጽኡ ዕንባባ መሮር ድማ፡ ነታ ንሓዳርን ንፍብራን ዝመረጽዋ ጓል-ኣንስተይቲ ከም ዝፈተውዋ ከም መረጋገጺ ህያብ ዝህቡሉ ኣጋጣሚ እዩ።

ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ጽንብል ፈስቲቫልና ዝተራእየ ከይተጠቕሰ ክሕለፍ ዘይብሉ ቅዱስ ተግባር እንተደኣ ነይሩ፡ ኣባላት ያታዊት ጉጅለ ባህሊ ዞባ ደቡብ ካብ ንእሽቶ ቈልዓ ክሳብ ዓቢ ብሓባር ኣብ ወሸጢ ኤክስፖ ተገዲሞም ናይ ጽሬት ወፈራ ምኽያዶም እዩ። እዚ ብኣደታት ጽሬት ልዑል ክብርን ምረቓን ዘትርፍ፡ ከምኡ'ውን ጽልዋ ዘሕድር ስራሕ ድማ ኣብ ቀጻሊ ብኹለን ዞባታት ክሰዓብ ዘለዎ ጸቡቕ ተግባር እዩ። ከምኡ ምስ ዝልመድ ድማ ዞባታት ባህላዊ ወርሻታት ንምዕቃብ ዞኻይደኦ ዘለዋ ጻዕሪ ዝያዳ ይድረዕን ኣብ ግብሪ ክዉን ይኸውንን ማለት እዩ።

ፈስቲቫል፡ ንኹሉ ሕብረተሰብ ከም ሓንቲ ስድራ ኣጠሚሩ፡ ኣብ ጉዳይ ህዝብን ሃገርን ክትዝቲን ደሃይ ሓድሕድ ንኽትለዋወጥን ዝዕበር ዓቢ ባይታ እዩ። ብሓጺሩ ምልክት ሓድነትን ጭዋ ባህልን ህዝቢ ኤርትራ እዩ።

እዚ ስለዝተረደአ እዩ ድማ መንግስቲ፡ ዓመት መጸ ፈስቲቫል ንኽኖበር ዓቢ ድርኺት ብምፍጣር፡ ሓፋሽ ኣብ ቅርዓት ፍቕሪ ተራኺቡ ብዛዕባ ባህሉን ታሪኹን ክዘቲ ዝቐረበ። ምኽንያቱ ክብርታት ቅያን ጅግንነትን ህዝቢ ኤርትራ፡ ካብ ክብርታት ባህሉ ስለዝምንጩ። ባህልና ቀዋሚ ነገር እዩ ዝምህረና። ሓድነት ስኒት፡ ፍቕሪ፡ ምትሕግጋዝ፡ እምነት፡ መተካእ... ዝብሉ ቃላት ካብ ባህሊ ሕብረተሰብና ዝተመሃርናዮን መቕድም ስለዝኾኑ። ዝን ካልእን ንምዕቃብ ድማ፡ መንግስቲ ዓላ ባህሊ ብደብየ ባህላዊ ወራር መታን ከይድፈኑ ዝ. ክየድ ዝቖጸ ውዕውዕ ቅኑ ምትእኽኻብ ፈስቲቫል ክዝብር ዝኸኣለ።

ግርማ መገሰ መዛዘሚ ጽንብል ፈስቲቫል ኤርትራ 2026፡ ብተኸታታሊ ምርኢት ያታውያን ጉጅለ ባህልታት ፋሕፋሕ እናበለ እንከሎ ድማ ንኹሎም ሓለፍቲ ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ዞባታት፡ ናይ ተሳታፍነት ሽልማት ካብ ኣድ ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ተዓዲሉ።





ብድሕሪኡ፡ እተን ብሕብረ ብዙሕነት ዝልለያ ኣባላት ያታዊ ጉጅለ ትልሂትን መዚቃን ዞባታት ጋሽ ባርካን ዓንሰባን ተኸታቲለን ንያታን ልምድን ብሄረ ኩናማን ብሌንን ዝገልጽ መሳጢ ባህላዊ ምርኢት ኣቕሪበን። ብድሕሪኡ ኩለን ነቲ መዛዘሚ ጽንብል ኣማዕሪገናኦ ዝወዓላ ጉጅለ ትልሂትን መዚቃን ዞባታት፡







ብሓባር ናብ መድረኽ ብምድያብ ኣባላተን ኢድ ንኢድ ተታሓሒዞም ብሓደ ድምጺ ነታ ናይ መውዓእታ ብቛንቋ ብሊን እትድረፍ ዝነበረት ደርፊ፡ ብሓደ እናደመጹ ክስዕስዑ ተራእዮም። ዕላማ ፈስቲቫል ደመቐ፡ ምስሊ ኤርትራውነት ድማ መመለሱ ጸበቐ። እቲ ዘለዎን ኤርትራዊ መንነት ድማ ብልክዕ ኣብዚ መድረኽ ተንጸባረቐ። ሓድነትን ስኒትን ጉልሐ፡ ባህልን ምኽባርን ብዓውታ ኣቃልሐ። እቶም መልክዕ ሃገራዊ ፈስቲቫልና ኮይኖም ዝቐረቡ ኣባላት ያታዊ ጉጅለ ትልሂትን መዚቃን ዞባታት ድማ፡ ከም'ቲ "ሰውራስ የላሊ እምበር ኣየማኹን" ዝበሃል፡ ብሓባር ከም ዘይቀረዩ፡ "ከምዚ ንዓመታ ብሰላም የጽንሓና" ብምባል፡ ብምድፍናቕን ሰላምታን ተፈላለዩ። እቲ ብኣለይቲ መድረኽ ጋዜጠኛ ኣስረደን ዓብዱራሕማንን ሱታፍነኛ ተስፉ ከርምቶን ክእለ ዝምርሕ መዛዘሚ ጽንብል ፈስቲቫል ድማ፡ ኣማእሪዎ ልክዕ ሰዓት 7፡00 ድ.ቀ ብልዑል ሓበንን መንፈስን ብሃገራዊ መዝሙር ተዛዚሙ።

# ምርኢት ፈስቲቫል 2026

## ቊሸት ዞባ ደቡብ














ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ

ስእሊ-ክብሮም ጸሃየ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣሕመዲን ዒሳ ኣሕመዲን፡ ተጸዋዒ ሃብተ ተኽስተ ተስፋስላሴ፡ ንጉዳይ ወቕልና ምስራዝ ዝምልከት ምልክታ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ መልሲ ሒዝካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን01/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋቢያ ዕ/እ/ኽሊ. ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ግርማይ እምባዩ ተስፋጊዮርጊስ ስም ኣደይ ሂማን ገብረወልዲ ምባል ተረፉ፡ ለተሃይማኖት ገብረእግዚኣብሄር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ዛይድ ወልዳይ ስለሙን፡ ኣደይ እምባፍራሽ በየነ ወልደገርግሽ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ለተንገስ ኤልያስ ተስፋጽዮን፡ ብዓል ቤተይ መሓሪ ተስፋሚካኤል ፍስሃጽዮን ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቂ ደማ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ዳንኤል ሸዊት ብርሃ፡ ኣቦና ሸዊት ብርሃ ገብሩ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ክሲ. ኣቶ ኣማኑኤል ተስፋገርግሽ ማንቱይ ተኸሳሲት ወ/ሮ ግደይ ኣርን ገብረእግዚኣብሄርናይ ሓዳር ክሲ. ተመስሪቱልኪ. ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን13/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ. ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ከሳሲት ልዋም ነጋ በርሀ፡ ተኸሳሲ. ሄኖክ ኣብርሃም ተስፋዪ፡ ናይ ሓዳር ክሲ. ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ቤተልሄም መሓሪ ኣሰፋው፡ ስም ኣደይ ኤልሳ ልብሲቃል ምባል ተረፉ፡ ፍረስላም ኣሰፋው ኣማረ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ኣቶ ሳሙኤል ሰዩም ደበሳይ፡ ኣደይ ጸሃይሸ ኣፈወርቂ ኣርኣያ ስለዝዋረፈት፡ 7 ደቃ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋቢያ ቁ.32 ይቕረብ።

ሰሊና ምሕረትኣብ የማ፡ ኣቦና ምሕረትኣብ የማን ዳምር ስለዝተሰወኣ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ራሄዋ ወልደኣብዝጊ መኮንን ሓወይ በረኸት ወልደኣብዝጊ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ግደይ ዘርኡ ኣበዲ፡ ኣቦይ ዘርኡ ኣበዲ ርእሶትን ኣደይ ለተዝጊ ገብረገርግሽ ደብሩን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋቢያ ቁ.32 ይቕረብ።

ናወሻድዓሊ ዓብዱልሐሴን ሳልሕ ምባል ተረፉ፡ ናወሻድዓሊ ዓብዱልሐሴን መርቻንት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ሰላም ዞሚካኤል ኣስመሮም ምባል ተረፉ፡ ሰላማዊት ዞሚካኤል ኣስመሮም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣስገደት ተኽለ የዕበዮ፡ ብዓል ቤተይ ዘርኣይ ረዘነ ገብረማርያም ስለዝዋረፈ፡ ወላድ ስለ ዘይብልና፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋቢያ ቁ.49 ይቕረብ።

ኣብ መንጎ ይግባኛሊት ሰላማዊት ታደሰ ዑቕባሚካኤልን ወኪ. መልሲ. ሳሙኤል ዑቕባ ሃብተን ዘሎ ናይ ሞዝቲት ጉዳይ፡ ወኪ. መልሲ. ብጋዜጣ ተጸዊዑ ን2/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋቢያ ቁ.33 ይቕረብ።

ከሳሲ. ጎይትኦም የማን የውሃንስ፡ ተኸሳሲት ሰምረት ዘይሉ ተስፋማርያም፡ ናይ ሓዳር ክሲ. ተመስሪቱልኪ. ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን20/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ. ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኑብያት ዑቕባገርግሽ ርእሶ፡ ኣደይ ተኽኣ ባይሩ ተስፋስላሴ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ዛይድ ወልዳይ ስለሙን፡ ሓወይ ክብሮም ወልዳይ ስለሙን ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ሉላ መኮንን ወልዳይ ምባል ተረፉ፡ ሉልያ መኮንን ወልዳይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋቢያ ቁ.38 ይቕረብ።

ወ/ሮ ለተጊዮርጊስ ተድላ ሙብራሂቱ፡ ብዓል ቤተይ ገብረሂወት ገብረክርስቶስ ምራጭ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቂ ደማ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኑብያት ከሰተ ገብረመድህን፡ ወደይ መም/ናትናኤል እስቲፋኖስ ሃብተ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ወራሲት ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ለተንስኤ ወልደሚካኤል ገብረሃዋርያት፡ ኣደይ ጸሃይቱ ነጋሲ. ገብረኣምላኽ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ይቕረብ።

መም/ተኽስተ ኣብርሃ ገብረድንግል፡ ኣቦይ ኣብርሃ ገብረድንግል ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ. ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ተኸሳሲ. ሙብራሂቱ ንጉሰ ገብረያሱስ፡ ብከሳሲት መርሃዊት ነጋሲ. ኣመናይ ንጉዳይ ሞዝቲት ዝምልከት ክሲ. ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን8/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋቢያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ሙስጦፋ ዓብዩልዋሰዕ ዓብዶላ ምባል ተረፉ፡ ሙስጦፋ ዓብዩልዋሰዕ ዓብዱይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ኣተውበርሃን በርሀ ገብረማርያም፡ ብዓልቲ ቤተይ ኢደን ምቁር ገብረስላሴ ስለዝዋረፈት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቕና ደማ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ይቕረብ።

እሙንከር ፈረጅ ዓብዩልሓይ ምባል ተረፉ፡ እመልኸር ፈረጅ ዓብዩልሓይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ይቕረብ።

የናዳብ የሃንስ ጼጋይ፡ ኣቦይ የሃንስ ጼጋይ ኣብዪ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ኣምና ኑዕማን ጃዕፈር፡ ስም ኣደይ ፋጥማ ማሕጁብ ሸኽማሕሙድ ምባል ተረፉ፡ ዛህራ ማሕጁብ ሸኽማሕሙድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ምሕረት ኣማኑኤል ኢሳቕ፡ ኣደይ ነ/ሄር ሃንሱ ዘራጼየን ዳምር ብሂወት ከለ ዝበረትለይ ለበዋ ኣብ ን/ዞባ ደ/ምብራቕ 05 ሌታ 19 ፓርሰል ኣይ ኣብ ትሕቲ ዋንነት ምስክር ወረቐት ቁ/181128 ከምኡ'ውን መወከሲ. ቁጽሪ 141717 ዋንነት ዝኾነ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ግዛ ንዓይ ንብረተይ ክኸውን ዝለዐዐ ኑዛዜ ብውሳኔ ክጸድቀለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋቢያ ቁ.49 ይቕረብ።

ሰመያ ፈረሕ ሓሰን፡ ስም ኣደይ ራሕማ ሰራጅ ዓብዱልዓለም ምባል ተረፉ፡ ሩማና ኢብራሂም ኑርሑሴን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ትርሓስ ኣብርሃም ገብረሂወት ምባል ተረፉ፡ ሄራን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋቢያ ቁ.38 ይቕረብ።

ስምኦን ኪዳ ሰዩም፡ ኣቦይ ኪዳ ሰዩም ካሕሳይ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ. ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋቢያ ይቕረብ።

መሓመድ በሺት ኣደም ምባል ተረፉ፡መሓመድ ኣደም ማሕሙድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

ያቆብ ፍጹም ዐቕባገርግሽ ምባል ተረፉ፡ ጴጥሮስ ፍጹም ዐቕባገርግሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ተስፋልደት ተስፋጽዮን ሃብቶም፡ ኣቦይ ቀሺ. ተስፋጽዮን ሃብቶም በየን ከምኡ'ውን ኣደይ ኣልጋሽ ተኽለሃይማኖት ሕድሮም ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ የዲት ፍርዙን ገብረገርግሽ፡ ሓፍተይ ዑቕባማርያም ፍርዙን ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 1መዋቲት ሓፍተይ 5 ተተካእቲ ደቃ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ገዕሳይ እቑባይ ሃብተጽዮን ምባል ተረፉ፡ ገዕሳይ ተወልደመድህን ሃብተጽዮን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ለተስላሴ ወልደሳሙኤል፡ ብዓል ቤተይ መሓሪ ኣርኣያ ካሳ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቂ ደማ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ብርኽቲ የናስ ገብረልኡል ምባል ተረፉ፡ ሰና የናስ ገብረልኡል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/8/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰረጀቓ እምባደርሆ

ኣቶ ዳኒኤል ተኸለዩ፡ ብዓልቲ ቤተይ ዑቕባ ባይሩ ተማኖ ስለዝተሰወኣት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቕና ደማ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣብ ከተማ ኣስመራ ናይ ዝርከብ፡ ብስም ወ/ሮ ኣሙተጼን መንግስቱ ግርሙ፡ ብቁ/ምስክር ወረቐት 103861 መወከሲ. ቁጽሪ 123858 ዝተመዝገበ ናይ ግዛ ሊብሬቶ ስለ ዝጠፍኣኒ፡ ብዕዳ ሒዝዎ ወይ ረኺብዎ ዝነበረ እንተሎ፡ ብቁጽሪ ቴሌፎን 07456858 ክትሕብሩኒ፣ እንተዘይሓቢርኩም ግን ኣብ ውሽጢ. 30 መዓልታት መተካእታ ክሓትት ምዃነይ ኣፍልጥ።

ወ/ሮ ለምለም መንግስቱ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ዩርሳሌም በየነ ተወልዴ ናይ ጥፉእ ሓወይ ኢሲያስበየነተወልዴ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወራሲት ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ከሳሲት ወ/ሮ ራህዋ ኣማኒኤል ጉብረስላሴ ተኸሳሲ ኣቶ መሴ በየነ ተወልዴ ናይ ሓዳር ክሲ ተመሲሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን7/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ፍለጥ፡፡

ሸፉ ሳልሕ ምባል ተረፉ፡ ሳልሕ መሓመድሸፉ ሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ሬድዋን ጉብረብርሃን ጺጋይ ምባል ተረፉ፡ ሚሮን ጉብረብርሃን ጺጋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

በላይሸ ብርሃ እምባፍራሽ ኣቦይ ብርሃ እምባፍራሽ ተሰማ ስለዝዓረፈ፡ 4 ደቁ ድማ ወራሳቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበልና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ቀሺ የማነብርሃ ኣረፋይነ እያሱኣብ፡ ብዓልቲ ቤተይ ፍረወይኒ ዓንደማርያም ማስፍን ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማለለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁ ድማ ወራሳቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሕንሻ ሞኙ፡ ብዓል ቤተይ ዘሙይ ተወልደመድህን ልዓም ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማለለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁና ድማ ወራሳቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ሳብሪን ሃይለ ዑቕቡ ተኸሳሲ ዳኒኤል ታደሰ ገ/ሚካኤል፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን20/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲት ሚሮን ጺጋይ መሓመድ፡ ተኸሳሲ ሓሰን ዑስማን መሓመድ፡ ናይ ኣዋት ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

ከሳሲት የዲት ፍሻለ ከበደ፡ ተኸሳሲ መሓሪ መንገሻ ሃይሉ ናይ ኣዋት ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ፍለጥ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ሄለን ዘርኣሰናይ ኪዳነ ምባል ተረፉ፡ ሄለን ዘርኡ ኪዳነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ርግኣት ተስፋዝጊ፡ ብዓል ቤተይ ተጋ/ ሚከኤል ተኽለማርያም ትኩእ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማለለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወራሳቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ትርሓስ ዘርኣይ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ምሉእ ዑቕባሚካኤል፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ከሳሲት ወ/ሮ የርዳኖስ ከሰተ ኪዳኔ ተኸሳሲ ዓወት ሃፍቱ ታደሰ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን25/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ፍለጥ፡፡

ሉተኪዳን ተስፋሚካኤል ማሩዎስ ምባል ተረፉ፡ ቅሳነት ተስፋሚካኤል ማሩዎስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኪዳነ ግርማይ ታሪረ ምባል ተረፉ፡ የሴፍ ግርማይ ታሪረ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣበ ብርሃ ተወልዴ፡ ብዓል ቤተይ ንገሰ ጺጋይ ሃይለ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማለለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ድማ ወራሳቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ሃይለሚካኤል ተስፋመንቆረዎስ ተስፋሉ ምባል ተረፉ፡ ኣብርሃም ተስፋመንቆረዎስ ተስፋሉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ጸሃየ ኪዳነ መኮንን ኣሞይ ብርኽቲ ይሰጥስ ሓጎስ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ወራሲ ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ፍትሒ ተኽለ ተስፋኪኤል ምባል ተረፉ፡ ፍትሒ ተኽለ ተስፋሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

መልኣከብርሃን ጉብረሚካኤል ምባል ተረፉ፡ መልኣከ ጉብረሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ምሕረት ፍትዊ ተስፉ፡ ብዓል ቤተይ ጺጋይ ጠዓመ ኪዳነ ስለዝዓረፈ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ምስ 8 ደቀይ ወራሳቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሃብቶም ጉብረ ተስፉ ምባል ተረፉ፡ ሃብቶም ጉብረተስፉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ስምኦን ነጋሲ ገ/ሂወት ምባል ተረፉ፡ ተስፋማርያም ነጋሲ ጉብርሂወት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዘውዲቱ ጉብረየውሃንስ ወልዱ፡ ብዓል ቤተይ ተወልደብርሃን ሓጎስ ገ/ኪዳን ስለዝዓረፈ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኮነ ገንዘብ፡ ኣነ ምስ 9 ደቀይ ወራሳቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ኣምለሰት ወልደጊዮርጊስ ወልደሊብሃኖስ፡ ተኸሳሲ የማነ ሓጎስ ዝግታ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን21/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ፍለጥ፡፡

ከሳሲ ምልዮን መሓሪ ሃይሉ፡ ተኸሳሲት ሳሌም ክፍለ ጉብረ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን21/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምኳኑ ፍለጢ፡፡

መሉጌታ ኣለማ ተስፉ፡ ሓፍተይ ኣሰፋሽ ኣለማ ተስፉ ስለዝዓረፈት፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወራሳቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ከድጃ እድሪስ ኣሕመድ፡ ት/ዕድመ ሰፋእ መንሱር እድሪስ ምባል ተረፉ፡ ሰፋእ መንሱር መሓመድእድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ሓምድ ዓሊ መሓመድ ዓብዱልቃድር ምባል ተረፉ፡ መሓመድዓሊ ማሕሙድ ዓብደልቃድር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ዞባ 7 ምም/01 ቁ ገዛ 30 መለለዪ ገዛ ASD00027475 ቁጽሪ ፓርሰል ASP00031184 ብቑጽሪ ውዑል 9,145 ኣብ ኑታዮ ብስም ህይወት ተስፉይ +7 ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ መንበሪ ገዛ ናብ ስም ዓዳጊ ቀሺ ከሰተ ጉብረጻድቕ ከመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ሕጊ ብዘአዝዞ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓፕሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ እንተዘይ ቀሪቡ ግን ኦርጅናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጽም ምኳነይ እሕብር፡፡

ቀሺ ከሰተ ጉብረጻድቕ

---

ብስም ነ/ር ኣሕመድ ሓሰን ሮሞዳን ኣብ ከባቢ ም/ም ኣኽርያ ዚፕ 1A134 ፕሎት 25 ፓርሰል G ጎደና ኡመልዓጁዝ 420 ት/ሜ ብቑጽሪ ምዝገባ ንብረት 1BRASM019439 ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት፣ ክፋሉ ኣብ 220 ት/ሜ ተደኪኑ ዝርከብ ዝዓደግክዎ ገዛ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘአዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ሃገራዊ ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦሪጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፈጽም ምኳነይ ይሕብር፡፡

ሓየት መሓመድ መሓመድቃስም

---

ቀንዴል

# ትምህርቲ መካኒክ

ብክልስ ሓሳባትን ብግብርን ብምኩራት መምሃራን
ኣብ ጋራጅ ብግብሪ ምርኣይ ዘለዎ

#ኣካውንቲን ምስ ፒችትሪ | #ምዝርጋሕ መስመር ኤለክትሪክ / ሶላር
#ግራፊክስ | #ጽገና ኤለክትሪካል ማሽን
#ኮምፒተር

ብርትዓዊ ዋጋ ኣዳልዩ ከም ዘሎ ንወለድን ንተማሃሮን ይሕብር።

ኣድራሻና:- ጎኒ ሲነማ ሮማ ፊት ቶታል
ቁ.ስ. 121571 /07325197

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## Eritrea-China Exploration and Mining Share Company

Ararib Street, House No. 37 Kebabi maekel ketema, ; Tel. +291-1-200009; Asmara, Eritrea.

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Eritrea-China Exploration and Mining Share Company (ECEM) invites qualified applicants for the following posts:

1, Position: Fuel Attendant
Place of Work: Augaro
Starting Date: August 01
Salary: As per company scale
Contract type: Indefinite period
Number required: One(1)

| | |
|---|---|
| **Position Overview** | Fuel attendant is responsible for safely dispensing fuel, monitoring fuel levels, assisting company drivers and operators, ensuring with safety & environmental regulations. This role requires attention to detail service giving skills & adherence to strict operational procedures. |
| **Key Responsibilities** | Fuel dispensing<br>Safely pump fuel into vehicles, machinery or storage containers<br>Verify fuel type & quantity requested by drivers & operators<br>Monitor & record fuel usage accurately |
| **Safety & Compliance** | Follow all safety protocols to prevent spills, leaks or accidents<br>Maintain fire extinguishers, spill kits & PPE availability<br>Report accidents or hazards immediately to supervisors |
| **Site Maintenance** | Keep fueling area clean, organized and free of hazards<br>Inspect pumps, hoses & meters regularly for proper function<br>Assist with stock control & report low fuel levels |
| **Record keeping** | Maintain accurate logs of fuel dispensed & transactions<br>Assist in daily reconciliation of fuel inventory<br>Support audits & inspections when required |

**Required Qualifications**

- High school diploma or equivalent
- Basic knowledge of fuel types and handling procedures
- Ability to work outdoors and handle physical tasks
- Previous experience in fuel handling or site operations preferred
- Working Conditions
- Exposure to outdoor weather conditions
- Standing for extended periods
- Use protective equipment's (gloves, safety boots, and reflective vest)

2, Position: Purchasing officer
Place of Work: Asmara
Starting Date: August 01
Salary: As per company scale
Contract type: Indefinite period
Number required: One(1)

| | |
|---|---|
| Key responsibilities | 1、Execute the procurement of goods, equipment, materials, and services in accordance with the Company's procurement policies and approved procurement plans.<br>2、Obtain quotations, conduct price comparisons, evaluate suppliers, and negotiate commercial terms to achieve cost-effective procurement.<br>3、Prepare and process purchase requests, requests for quotation (RFQs), purchase orders, contracts, and other procurement documents.<br>4、Monitor purchase orders and coordinate with suppliers to ensure timely delivery and compliance with contractual requirements.<br>5、Coordinate with the warehouse to inspect, receive, and record delivered goods.<br>6、Develop, maintain, and evaluate supplier relationships and supplier performance.<br>7, Maintain complete and accurate procurement records and filing systems.<br>8、Coordinate with the Finance Department on invoice verification, payment processing, and reconciliation.<br>9、Ensure all procurement activities comply with the Company's Procurement SOP and internal control requirements.<br>10、Perform any other duties assigned by the supervisor. |
| Qualifications and Requirements | 1、Bachelor's degree in Procurement, Supply Chain Management, Business Administration, Logistics, Engineering, or a related discipline.<br>2、At least 2 years of relevant procurement experience. Experience in mining, construction, engineering, or international procurement will be an advantage.<br>3、Good understanding of procurement procedures, supplier management, and contract administration.<br>4、Strong negotiation, communication, and interpersonal skills.<br>5、Good analytical skills with strong cost awareness and attention to detail.<br>6、Proficient in Microsoft Office applications, especially Excel and Word.<br>7、Good command of written and spoken English.<br>8、High level of integrity, professionalism, and teamwork.<br>9、Ability to work under pressure and travel to the mine site when required.<br>10、Preference will be given to candidates holding a valid driver's license with extensive driving experience. |

**Additional Requirement for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service Obligation and provide evidence of release paper from Ministry of Defense
- Present clearance paper from current/last employer
- Testimonial documents to be attached (CV, experience credentials, copy of your National Identity card etc.)
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 5 days from the day of publication in the Newspaper.
- **Address: Please mail your applications to:**

  Mineral Resources Management

  P.O.Box- 272
- **Note to non-Eritrean applicants:**

  Please send a copy of your application to Aliens Employment permit Affairs P.O.Box 7940 Asmara, Eritrea.

# መዛነዩ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ጽልዋ እትዛረቦም ቃላት

ሓያሎ ፍሉጣት ጸሓፍቲ፡ ብዛዕባ ሓይሊ ቃላት መጻሕፍቲ ጽሒፎም እዮም። ብፍላይ ሓይሊ ቃላት፡ ተነጠቒምካ ከመይ ጌርካ ብዝበለጸ ትዛረብ፡ ትሰምዖን ትሓስብን፡ ብክኢላ ስነ ኣእምሮ ማርያኖ ሲግማን ዝተጻለወት ህቡብቲ መጽሓፍ፡ ሓይሊ ቃላት ንውሳኔታት፡ ስምዒታትን ዝምድናታትን ብዝለዓለ ከም ዝጸልዎም ተረዲኡ። ዋላ'ውን ኣብ ዕላል እተዘውትሮም ቃላት ኣብ ህይወትካ ዘይሃሰኽ ተራ ከም ዘለዎም እትድህሰስ ኢያ። ብቴዲ ዚግለር ዝተጻሕፈት ሓይሊ ቃላት ዝሓሸ ልምድታት ንምህናጽን ብዝበለጸ መንገዲ ምንባርን ከም ዝከኣል ተመልክት።

ዕሉታዊ ህይወትና፡ ኩለንተናዊ ሰብኣዊ ርክባትና ብዘርርብ ዝተዓበለ እዩ። ፈላጣት ሰብልና፡ እቲ ዝጠዘለ ናይ ዕሉታዊ ርክባትና ብዘርርብ ዝተመልአ ምኻኑ የጸናኒ። ስለዚ ኩለንትናና ብቓላት ዝተመልአ'ዩ እንተተባህለ ምግናን ኣይከውንን። ቃላት ናይ ገዛእ ርእሶም ሓይሊ ኣለዎም። ኑቲ ከመሓለልፎ እንደሊ መልእኽቲ ድማ የንጸባርቑ። ቃላት መልእኽቲ ስምዒታትናን ርድኢታትናን እዮም ዝቕርቡ። እወታዊ ኩሉ ኣሉታዊ ስምዒታት ወይ ርድኢታት ክህሉወና ከኣ ባህርያዊ እዩ። ቃላትና ከኣ በዚ መንጸር ክጽለው ዝብርሃዩ። ካብዚ ኩነታት ብዝተቕልዕ ኸኣ ኣብ እንዛረቦ ቃላት፡ እወታዊ ወይ ኣሉታዊ ኩነታት ምስ ካልኦት እንፈጥር። መዓልታዊ እተዘውትሮም ምኡዛት ቃላት፡ ምስ ካልኦት ዘለካ ዝምድና ጸላዊ ዝኾነ ምቅርራብ ኣብ ምፍጣር ልዑል ኣገዳስነት እዩ ዘለዎም። ብዓበኡ ኣብ ወሸጥኻ ዝፍጠር ርግኣት ጣዕሙ ንምስትምቓር ይከኣል። ገለ ሰባት በዙን ዝተዛረብወን ቃላት ንብዙሓት፡ ኣብ ፋርማሲ ዘይርከብ መድሃኒት እዮም። ኣተጠባዕቲ ቃላት፡ ንሓደ ሰብ ኣብታ ዝውዕላ መዓልቲ ሓይልን ፍናንን እዮም። ብኣንጻሩ እንዛረቦም ኣፅዋውቲ ቃላት ከኣ ዘይሩሓዊ መጉዳእቲ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ሰባት የሕድሩ። ኑቶም ክብጽሑ ዝሕለኑ ባህግታት ብኣሉታ ይጸልዉ ወይ የፀንዉ እዮም። እንዛረቦም ኣፅዋውቲ ከምኡ'ውን ተገዳሰኑት ዘይብሎም ቃላት፡ ንሓደ ሰብ ኣብ ቅድሚ ካልኦት ኣነኣኢሱ ወይ ክብሩ ብምጉዳል፡ ኑቲ ክህልዎም ዝኽእል ጽልዋ የጥፍኡ። ቃላትና ኑቲ ዘለናዮ ኩነታት ዝውክል ዋላ'ኳ እንተኾነ፡ እቲ መልእኽቱ'ዩም ንካልኦት እዩ። ጸቡቕ ትብል እንተለኻ ኑቲ ሰማዒ ጸቡቕ ትህብ ኣለኻ፡ ሕማቕ ትብል እንተለኻ ድማ ኑቲ ሰማዒ ሕማቕ መልእኽቲ ትህብ ኢኻ ዘለኻ፡ ኣብ ኢጋጣሚታት ዝርኣ ሕርቃን ዝተዓበለሉ ቃላት ስምብራቶም ቀሊል ኣይኮነን። ምልስ ኢልና ብዛዕባና እንተሓሰብና እቲ ሓቂ ኣብኡ'ሎ። ምኡዛት ቃላት ምዝራብ ኑቲ ዝዛረበን ንዝሰምዕን ዘለዎ እወታዊ ጽልዋ ብቐሊል ዝግመት ኣይኮነን።



## ጥቕስታት መዛነዩ

- "እምነት ማለት መርትዖ ብዘየገድስ ንሓደ ነገር ክትኣምን ምፍታን ኣይኮነን፤ እንታይ ደኣ፡ እምነት ሳዕቤኑ ብዘየገድስ ደፊርካ ገለ ነገር ክትገብር ምኽኣል እዩ።" ***- ሸርውድ ኤዲ***
- "ምንጪ ኩሉ ዓይነት ፍርሒ፡ መን ምዃንካ ካብ ዘይምፍላጥ ዝብገስ ኩይኑ እዩ ዝስምዓኒ።" ***- ዘይተፈልጠ***
- "ኣብ ህይወት እቲ እኹል ስንክልና ሕማቕ ኣተሓሳስባ ምህላው እዩ።" ***- ስቶቨን ሃውኪንግ***
- "ክሳብ ንስኻ ክተውድቕ ኢልካ ዝተበገሰ፡ ገለ ክፉል ህይወትካ'ውን ምስኡ ወዲቓ ኣላ ማለት'ዩ። እዚ ድማ ከምቲ እትሕልኖ ክትነብር ኣይትኽእልን ኢኻ ማለት እዩ።" ***ማርያን ኣንደርሰን***
- "ደቂ ሰብ ብኸበራት ዘይከውኑ ብናይ ገዛእ ርእሶም ኣረኣእያ እዮም ዝርበሹ።" ***- ዘይተፈልጠ***
- "ክበራት ይቐያየሩ፡ ኣዕሩኽትኻ ይርሕቑኻ ህይወት ግን ትቕጽል።" ***- ስቲፈን ቾብስኪ***
- "ንጸላእተይ ኣዕሩኽተይ ክገብሮም ከለኹ'የ ዘጥፍኦም።" ***- ኣብርሃም ሊንከን።***


## ኣገዳስነት ምንባብ ታሪኽ ህይወት ብሉጻት ሰባት

> *"ብሉጽ መጻሕፍቲ ዘንብብ ሰብ ካብ'ቲ ፈጺሙ ዘየንብብ ሰብ ኣይበልጾን እዩ"* ***ማርክ ትወይን።***

ብዘንብቦዮ መጠን ዝያዳ ኢኻ ነገራት ትፈልጥ። ዝያዳ ብዝተመሃርካዮ መጠን ከኣ ብንቡብ ኣብልካ ናብ ዝተፈላለየ ቦታታት ትኸይድ።

መብዝሕትኡ ሰብ ዝያዳ ከንብብ ይብህግ እዩ። ምንባብ ግን ብዙሕ ሰብ ዝገብሮ ነገር ኣይኮነን። እንተኾነ ንብብ ሓደ ካብ'ቶም ዓበይቲ ደራኺ ለውጢ ኣብ ህይወት ደቂ ሰብ እዩ። ንጸቡቕ ይኹን ንሕማቕ፡ ዘንብቦዮ መጽሓፍ ብጠለ ደረጃ ክይቀያየረና ስለዘይተርፍ፡ ኣብ ኣመራርጻ እነንብቦም መጻሕፍቲ ጥንቁቓት ምዃን ኣገዳሲ'ዩ። ኣብ ህይወትና እወታዊ ለውጢ ኣብ ምምጻእ ዓቢ እጃም ክህልዎም ካብ ዝኽእሉ ክፋል ንብብ ከኣ ብዛዕባ ሓቀኛ ታሪኽ ህይወት ደቂሰብ ዘዘንትዉ ክጥቀሱ ይኽእሉ። ሓቀኛ ዛንታታት ውልቀሰባት ምንባብ ካብ ዘለዎ ብልጫታት፡ ኣጠማምታና ኣብ ዓለም ክሳብ ክንደይ ዝተደረተ ምዃኑ ከርእየና ዝኽእል ምዃኑ እዩ። ዝርዝራዊ ሓበሬታ ብዛዕባ ከማና ሰባት ኣብ ህይወቶም ዝወሰድዎ ምርጫታትን ዝሕለፍዎ መሰገደልን ኣብ ነንበበሉ እዋን፡ ኣብ ዙርያና ዘለዉ ዕድላት ከስተብህልን ብኸመይ ናብ ረብሓና ቀይርና ዕወታት ክንክውን ከም ንኽእልን ይበርሃልና። ታሪኽ ህይወት ብሉጻት ሰባት ሞያዊ ዕቤትን ጥበብን ክህብ ይኽእል።

ብሓጺሩ ዓውት ኣብ ህዋ ዘሎ ሓሳብ ዘይኮነ፡ ሓደ ተጨባጢ ነገር ከም ዝኾነ ክንርድእ የኽእለና። ኣብ'ዚ ዘለናዮ እዋን፡ ብዘሓ ሓበሬታ ካብ'ቶም ዓበይቲ ብደሆታት ደቂሰብ ኩይኑ ኣሎ። ብሰንኪ ምብዛሕ ማሕበራዊ ሚድያ፡ መንእሰያት ኣብ ፈንጠዝያዊ ዓለም ክነብሩ ይግደዱ ኣለዉ። ካብ ክዉንነት ዓለም ከኣ ፈልዮም ይርሕቁ። ኣገዳስነት ታሪኽ ህይወት ሰባት ምንባብ እምበኣር፡ ብፍላይ ኣብ'ዚ ግዜ ዕዙዝ እዩ። ታሪኻዊ ፍጻመታት ንህይወት ደቂሰብ ብኸመይ ከም ዝጸለወን ዘቕርጦ ዕድላትን ብደሆታትን ብምርኣይ፡ ኣብ ግዜና ዝለዉ ተኽእሎታት ክበርሃልና ይኽእል። ልዕሊ ኹሉ ግና ብዘለና ጸገማት ተሰፋ ከይንቖርጽ ይገብር። ድሌት እንተሎ ዘይከኣል ነገር ስለ ዘየሎ። ብደሆታት ምግጣም ኣካል መስርሕ ህይወት እዩ። ታሪኽ ህይወት ብሉጻት ሰባት ምንባብ፡ ጸገማትና ብመንጽር ጸገማት ካልኦት ክንርእዮምን ብሰንኮም ካብ ድላይና ክንተርፍ ከም ዘይግባእ ክንርድኦን ንኽእል። ታሪኽ ህይወት ደቂሰቡ ደረት ኣተሓሳስባና ብምስፋሕ ዘለወና ዕንቅፋታት ዝሰገሩ ምኳኖም ስለዘርኢ፡ ንቕጽሊ ዓወት ዘእንፍት'ዩ። ምሉእን ኣዕጋብን ህይወት ንኽህልወና ቅኑዓት ምርጫታት ንምውሳድ ድርኺት'ውን ይፈጥር።



ብዘይካ'ዚ ምንባብ ታሪኽ ህይወት ብሉጻት ሰባት፡ ታሪኽ ከም ዝደጋገም የዘኻኽረና፡ ንኡብሰኻ ክትፍትሾን ንዓለም ብሓድሽ መንገዲ ክትጥምታን የኽእለኻ።

## መልሲ ዝተመሳቐለ ቃላት

| | | | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ማ | ሕ | ረ | ሰ | | ኣ | ን | ፈ | ሰ | | ኣ | ሓ |
| ሕ | ጸ | | ደ | ም | በ | | ገ | ነ | ት | | በ |
| ሰ | ር | ዓ | ት | | ሰ | ገ | ደ | | ሪ | ሓ | ን |
| እ | | ለ | | ኣ | ረ | መ | | ቅ | | ደ | |
| | ኣ | ባ | ደ | መ | | ተ | ኣ | ል | ከ | | ቻ |
| ዒ | ባ | | ም | ል | ኦ | | ው | ጽ | ኣ | ት | |
| ቃ | ላ | ት | | | ም | ሕ | ራ | ም | | ሑ | ጻ |
| | ት | ል | ሂ | ት | | ው | | | ክ | ት | ዕ |
| መ | | ን | ባ | ብ | | ነ | ብ | ያ | ት | | ሪ |
| ሰ | ል | ቲ | | ዓ | ወ | ት | | ዕ | ም | ሪ | |
| መ | | | ሓ | ት | ነ | | ኣ | ያ | ና | | ዓ |
| ር | ት | ዓ | ዊ | | ነ | | ያ | ዕ | | ኳ | ሳ |

*መም ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)*

ካብ 3ይ ገጽ ዝቐጸለ

## ስነ-ስርዓት መመረቕታ ኮለጅ ሕክምናን . . .

ንሓበሬታ ዶ/ር ሳይሞን ምርከስ ብምግዶር፡ ደረጃ ብቐዓቶም ብክኢላታት ደቂ ሃገርን ናይ ደገ ክኢላታትን ተመዚኑ፡ ተዓቂቡ ኣብ ደረጃ ምምራቕ በጺሖም። ብርእይቶ ናይ'ቶም ወጻእተኛታት ፈተንቶም'ውን፡ ምስ ናይ ሃገራቶም ብምውድዳር፡ ኣዘዮም ከም እተማሳጡን ደረጃ ብደረጃ ልዕሊ እቲ ናታቶም ዓቕሚ፡ ጹብለልታ ከም ዘለዎም'ዩ ተገሊጹሎም። ካብዚ ብምብጋስ፡ ብደረጃ ዓለም'ውን እንተኾነ፡ ክሳብ ሕጂ ብዓይነት ዝሽበደ ዝበዝሐ፡ መጥባሕቲ መንሽሮ ምዃኑ ዝጠቐሰ ዶ/ር ሳይሞን፡ እዚ ሕማም'ዚ ዘጋጥሞም ዜጋታትና ንፍወሳ ናብ ዝተፈላለየ ሃገራት ንኣብነት፡ ናብ ሱዳን፡ ቱርኪ፡ ግብጺ፡ ዱባይ ወዘተ ክኸዱ ጸኒሖምን ምህላዎምን ብምርዳእ፡ ካብ ሕጂ ንደሓር ግን ንዕኡ ዝበቕዕ ናውቲ ሕክምና ክዓሎ እንተ ደኣ ክኢሉ፡ እናገሸካ ዝግበር ፍወሳን ከምኡ'ውን፡ መጥባሕቲ ዝጠልብ - ብዘየገድስ ዓይነት ሕማም፡ ኣብ ወሽጢ ዓዲ ክግበር ከም ዝከኣል'ዩ ዘለዎ እምነት ገሊጹልና።

ምርቕቲ ዓውዲ ኣንስተዝያ ነርስ ዲቮራ፡ ፈለማ ብዲፕሎም ተመሪቓ ኣብ ስራሕ ተዋፊራ 4 ዓመት ድሕሪ ምግልጋላ፡ ብዝተፈጥረላ ትምህርቲ ናይ ምቕጻል ዕድል፡ 3 ዓመት ተማሂራ ደረጃኣ ካብ ዲፕሎም ናብ ዲግሪ ብምዕባይ ተመሪቓ። "ቀሊል ዝበሃል ትምህርቲ የለን። ቃልሲ'ዩ፡ ከቢድ ግዜ ሓሊፉ፡ ኣብ መውዳእታ ምስጋና ንፈጣሪ፡ ኣብ ደረጃ ምምራቕ ክንበጽሕ ዕድመን ጥዕናን ንዘለና" ብምባል ምስጋናኣ ገሊጻ። ቀጺላ፡ "መወዳእታ ውጽኢት ናይቲ ብዙይ ምስልካይ ዝተገዓዘካዮ ነዊሕ ጉዕዞ፡ ፍረኻ ትሓፍሰሉ ዓወት እንተ ደኣ ኾይኑ፡ ደኺመ ዝበሃሎ ኣይኮነን፡ እቲ ዝደለ ሽቶ ንስኡ ስለ ዝኾነ።" ካብ ስራሕ ዓለም ናብ ትምህርቲ ምጽንባራ ብዙሕ ክትፈልጦን ዝጸበያ ሓላፍነት ሓያል ምዃኑ ክትርድእን ከም ዝሓገዛ ጠቒሳ ድማ፡ ቅድሚ ሕጂ ዝኮደላ ዝበረ ሃጓፋት መሊአ ህዝባን መንግስቲን ክትክሕስ ብምሉእ ሞራልን ወኒን ተዳልያ ምህላዋ ኣረጋጊጻ።

ዶ/ር ሳይሞንን ነርስ ዲቮራን ኣብ መወዳእታ፡ ዕለተ መመረቕታኦም ክርእዩ ንዓመታት ከም እተሳለዩን ከም እተጸበዩን ስለዚ ድማ ኣብ ህይወቶም ብፍሉይ ተዘኪራት ዕለት ኮይና ከም እትነብር ኣረዲኦም። ዝሓለፍዎ መሳልል ዓወትን ደረጃን ንምብጻሕ ብናጸ ዝመሃርዎም ወለዶ፡ ህዝብን መንግስቲን ንክኽሕሱ፡ ኣብ ዝተመደብሉ ስራሕ ብምሉእ ሕልናን ዓቕምን ብዘወፋይነት ክሰርሑ ድሉዋት ምህላዎም ብምርግጋጽ፡ ኣብ ዝነብርዎ ስራሕ፡ ህዝቢ ከም ቀደሙ ሞራልን ምሕብባብን ከይበኵቐ ክልግለሎም ድማ ተላብዮም። በዚ ድማ ሰዓት 9:00 ቅ.ቐ ብዝኸሸ ሰሚኢታት ዝፈለመ ሰነስርዓት ጽምብል መመረቕታ ኮለጅ ሕክምናን ሰነፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ፡ ሰዓት 11 ብሃገራዊ መዝሙር ተዛዚሙ።

ኮለጅ ሕክምናን ሰነፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ፡ ኣብ ወርሒ መስከረም 2018 ንቤት-ትምህርቲ ሓፈሻዊ ሕክምናን ሕክምና ስኒን ኦሮታን ኮለጅ ሰነፍልጠት ጥዕና ኣስመራን ብምጽንባር ዝተመስረተ'ዩ። ካብ 1995 ጀሚሩ ምስ ናይ ሎሚ ዓመት ተመረቕቲ ወሲኽካ ኮለጅ ሰነፍልጠት ጥዕና ኣስመራ፡ 2870 (50.5 ሚእታዊት) ብዲግሪ፡ 2,810 (49.5 ሚእታዊት) ከኣ ብዲፕሎማ ብጠቕላላ 5,680 ሰብ ሞያ ጥዕና ከፍሪ እኽሉ፡ ቤት-ትምህርቲ ሓፈሻዊ ሕክምናን ሕክምና ስኒን ኦሮታ ድማ ካብ 2004 ጀሚሩ፡ 515 ሓፈሻዊ ሓኪይምን 83 ሓኪይም ስኒን ከም ዘመረቐ ሰነዳቶም የመልክቱ።

# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ነድሪ ጉርጉማ

ነድሪ ጉርጉማ ሓደ ካብ ዓይነታት ሕማማት ስርዓት እስትንፋስ እዩ። ብሕክምናዊ ኣጸዋውዓ 'ብሮንካይቲስ' (bronchitis) ይብሃል። ኣብ ጉርጉማ ናይ ሳንቡእ ብዘርአ ምቅጻል፡ እቲ ሕማም ዘሃሲድ ኮይኑ፡ ምሓር ምስዓል ዝኣመሰለ ምልክት የርኢ።

ነድሪ ጉርጉማ፡ ፈለማ ኣብ ኣፍንጫ፡ እዝኒ፡ ጎረሮን ሰርናን ብዝፍጠር ረኽሲ ዝጅምር ሕማም እዩ። እቲ ረኽሲ ቀስ ብቐስ ናብ ጉርጉማ ናይ ሳንቡእ ምስ ወረደ ድማ፡ ነድሪ ሕማም ጉርጉማ ክሃሲድ ይጅምር። ተደጋጋሚ ሰዓል፡ ጸጽ ዝበለ እስትንፋስን ሕጽረት እስትንፋስን፡ ከምኡ'ውን ቃንዛ ኣፍ-ልቢ ገለ ካብቶም ልሙዳት ምልክታት ናይቲ ሕማም እዮም።

### ዓይነት ነድሪ ጉርጉማ

ነድሪ ጉርጉማ ዘዋቡን ሕዱርን ተባሂሉ ኣብ ክልተ ይምቀል። ዘዋቡ ነድሪ ጉርጉማ ንዘተወሰነ እዋን ክትሰዕል ጸኒሕካ ዝገድፈካ ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ሕማም ወይ ምስዓል ተደጋጋሚ ዝመላለስ እንተኾይኑ ግና ሕዱር ተባሂሉ ይጽዋዕ።

### ዘዋቡ ነድሪ ጉርጉማ (acute bronchitis)

ዘዋቡ ነድሪ ጉርጉማ፡ እቲ ግዳይ ኣብ ዝሰዐለሉ እዋን፡ ኣብ ኣፍ-ልቡ ቃንዛን ዘይምቹእነትን ስለ ዝፈጥረሉ፡ ጉንፋዕ ኣፍ-ልቢ (chest cold) ይብሃል። በዚ ሕማም'ዚ ኣብ ሳንቡእ ዝርአ ምቅጻል ቀሊል ዋላ ኣይኹን፡ ንሓጺር እዋን ጸኒሑ ቀልጢፉ ክሓዊ ይርአ። ዓኽታ ዘለዎ ወይ ዘይብሉ ሰዓል ሓደ ካብቲ ልሙድ ምልክታቱ እዩ። ብተወሳኺ፡ እቲ ግዳይ ኣብ ዝሰዐለሉ እዋን ጸጽ ዝበለ ድምጺ የስምዕ እዩ።

ሕጽረት እስትንፋስን ረስንን ካብ ልሙዳት ምልክታት ናይዚ ዓይነት ነድሪ ጉርጉማ እዮም።

ኣብ ዘዋቡ ነድሪ ጉርጉማ፡ እቲ ዝርአ ረኽሲ ካብ መዓልታት ክሳብ 10 መዓልቲ ክጸንሕ ዝኽእል'ኳ እንተኾነ፡ እቲ ተደጋጋሚ ምስዓል ግና ክሳብ ሰሙንታት ክቕጽል ይኽእል እዩ። እቲ ምልክታት ናይቲ ሕማም'ውን ከምኡ ካብ ሰለስተ ክሳብ ሽዱሽተ ሰሙንታት ክጸንሕ ይኽእል።

### ጠንቂ

መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፡ ኣብ ልዕሊ 90 ሚእታዊት ግዳያት ናይዚ ሕማም፡ እቲ ጠንቂ ቫይረስ ዝመበገሲኡ ረኽሲ እዩ። እቲ ቫይረስ፡ ኣብ ኣየር ብምጽናሕ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ይመሓላለፍ። ብቐጥታ ምስ ግዳይ ጥቡቕ ምቅርራብ ብምግባር'ውን ይላባዕ እዩ።

### ፍወሳ

ዘዋቡ ነድሪ ጉርጉማ ብዙሕ ግዜ ብሰንኪ ረኽሲ ቫይረስ ዝስዕብ ብምዃኑ፡ ኣብ ውሽጢ ሓጺር ሰሙንታት እቲ ሕማም ባዕሉ ክሓውየልና ይኽእል እዩ። መብዛሕትኦም ግዳያት ናይዚ ሕማም ብዙሕ ሕክምናዊ ሓገዝ ዘድልዮም ኣይኮኑን።

ሓደ ካብ ኣገባብ ፍወሳን ምክልኻልን ናይቲ ሕማም፡ ንሳንቡእ ክጎድኡ ካብ ዝኽእሉ ልምድታት ምቑጣብ እዩ። ጽሬት ምሕላውን ብተደጋጋሚ ኢድ ምሕጻብን፡ ነቲ ሕማም ከስዕቡ ዝኽእሉ ታህዋሲያን ናብ ውሽጢ ሰብነትና ከይኣተዉ ንምጥፋኦምን ምክልኻሎምን ሓጋዚ እዩ።

እኹል ዕረፍቲ ምርካብን ብብዝሒ ውዑይ ፈሳሲ ምውሳድን፡ ነቲ ሕማም ኣብ ምፍዋስን ዝርኣዮ ምልክታት ኣብ ምጉዳልን ኣገዳሲ እዩ።

### ሕዱር ነድሪ ጉርጉማ (chronic bronchitis)

ግዳይ ዳርጋ መዓልታዊ ሓፈሻ ዓኽታ ዘለዎ ሰዓል፡ ከየቋረጸ ንሰለስተ ኣዋርሕ ምስ ዝሰዓል፡ ብሕዱር ነድሪ ጉርጉማ ተጠቒዑ ኣሎ ክበሃል ይከኣል። እዚ ኩነታት እዚ ንልዕሊ ክልተ ዓመታት'ውን ክቕጽል ይኽእል እዩ።


ሓደ ግዳይ በዚ ዓይነት ሕማም ጉርጉማ ምስ ዝጥቃዕ፡ ንዝተፈላለዩ ጸገማት ሳንቡእ ዝተቓልዐ ስለ ዝኾነ፡ ብኣግኡ ግቡእ ሕክምናዊ ክንክን ክረክብ እዩ ዘምከር።

ሕዱር ነድሪ ጉርጉማ፡ ሕማም ታሕተዋይ መትረብ ስርዓት እስትንፋስ ይብሃል እዩ።


### ጠንቂ

ሕዱር ነድሪ ጉርጉማ ብዙሕ ግዜ ብሰንኪ ብብዝሒ ሽጋራ ምትካኽ እዩ ዝስዕብ። ብተወሳኺ፡ ዝተበከለ ኣየር ንነዊሕ ግዜ ምስሓብ፡ ከምኡ'ውን ንጥዕና ጎዳእቲ ዝኾኑ ኬሚካላት ብእስትንፋስ ብምስሓብ እቲ ሕማም ክለዓል ይኽእል። ኣብ ዕደና፡ ወይ ኣብ ፋብሪካታት ዝጕዝሕ ቀመማት፡ ከምኡ'ውን ኣብ ምርባሕ ኩቡቲ ይኹን ሕርሻ ዝነጥፉ ገለ ዓይነት መድሃኒታት፡ ግዳይ ሕዱር ነድሪ ጉርጉማ ንምዃን ዘለካ ተኽእሎ የዛይዱ እዮም።






### መጽናዕታዊ ጸብጻብ




ሕክምናዊ መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፡ 'ብሮንካይት' ብዓይነቱ ኣብ ግዳያት ዘውርዶ ጉድኣት ዝተፈላለየ'ኳ እንተኾነ፡ እዚ ጥዕናዊ ጸገም ኣብ ወዲ ሰብ ብዘውርዶ ናይ ሞት ሓደጋ፡ ኣብ ቀዳሞት ሰለስተ እዩ ዝስራዕ። ኣብ 2024 ዝተኻየደ ጸብጻብ ብደረጃ ዓለም፡ ብሕማም ነድሪ ጉርጉማ ህይወቶም ናይ ዝሰኣኑ ቁጽሪ 3.4 ሚልዮን በጺሑ ነይሩ። ልዕሊ 70 ሚእታዊት ጠንቂ ናይቲ ሕማም፡ ምትካኽ ሽጋራ ምዃኑ እቶም ጸብጻባት የመልክቱ።

### ተኣፈፍቲ ግዳያት

ዝኾነ ሰብ ብነድሪ ጉርጉማ ክጥቃዕ ይኽእል እዩ። ኣትካኽቲ ሽጋራን ካልእ ኣወለፍቲ ቀመማትን ምዃኖም ደሮናን ካልእ ንኣየር በከልቲ ዝኾኑ ቀመማትን ንዝጠበሑ ከቢቢ ምቅላዕ ቡቲ ሕማም ክትጥቃዕ ዝለካ ተኽእሎ የዛይዶ እዩ። ኣብ ውሑዳት ግዳያት፡ እቲ ሕማም ብሰንኪ ባክተርያ 'ማይኮፕላዝማ' (mycoplasma) ከምኡ'ውን 'ኒሞኒያ' (pneumoniae) ክስዕብ ይኽእል እዩ።

### ብተወሳኺ ...

- ሕማም ኣዝማ ወይ ካልእ ጸገማት ናይ ሳንቡእ ዘለዎም ሰባት፡
- ተደጋጋሚ በጨቕታ ኣሲድ ከስዐ ናብ ቫሕለለ ዘጋጥሞም ሰባት፡
- ዘይንቡር መልሰ ተግባር ናይ ስርዓት ምክልኻል ሕማም ዘጋጥሞም ሰባት፡ ብሕማም ጉርጉማ ዚያዳ ተጠቃዕቲ እዮም።

### ነድሪ ጉርጉማ ኣብ ኣካላትና ዘውርዶ ጽልዋ

ናብ ሳንቡእ ኣየር ዘሕልፉ መትረብት ምስ ዝነድሩ፡ ስርዓት ምክልኻል ሕማም ኣካላትና ከም ዝሓብጡን ብዓኽታ ከም ዝመልኡን ይገብሮም። በዚ ድማ፡ ኑቲ ዓኽታ ንደገ ንምውጻእ ተደጋጋሚ ክንሰዕል ንግደድ። ክሳብ ዝጸሪ ተደጋጋሚ ስለ ንስዕል፡ መላእ ሰብነትና ክደኽምን ንጥፈታትና ብግቡእ ክሰላስልን ንሸገር።

ልሙዳት ምልክታት ነድሪ ጉርጉማ

ካብ ሓደ ክሳብ ሰለስተ ሰሙን ዝጸንሕ ተደጋጋሚ ምስዓል ካብቲ ልሙድ ምልክት ናይቲ ሕማም እዩ። ኣብ ገሊኡ ቡቲ ሰዓል ሓፈሻ ዓኽታ ክወጽእ እንከሎ፡ ገሊኡ ድማ ደረቕ ሰዓል እዩ ዝመስል።

- ሕጽረት እስትንፋስ (dyspnea)፡
- ረስኒ፡
- ጸረርታ ኣፍንጫ፡
- ዘይንቡር ድኻም'ውን ገለ ካብቶም ልሙዳት ምልክታት እዮም።

### መዓስ ናብ ሰብ ሞያ ጥዕና ንኺይድ፤

ተደጋጋሚ ሰዓል ምልክት ናይ ዝተፈላለዩ ጥዕናዊ ጸገማት ክኸውን ይኽእል እዩ። እቲ ሕማም ክንጸር ዝኽእል ናብ ሕክምና ብምኻድ ግቡእ ሕክምናዊ መርመራ ምስ እተኻየድ እዩ። ኣብዚ ግዳያት ነድሪ ጉርጉማ ንኹን ኣይንኹን እዞም ሰዒቦም ተዘርዚርም ዘለዉ ምልክታት ምስ ዝረኣዩና ተቐላጢፍና ናብ ሰብ ሞያ ጥዕና ክንቀርብ እዩ ዝምከር።

- ንሰለስተ ሰሙን ዝቐጸለ ተደጋጋሚ ሰዓል ምስ ዝህልወና፡
- ሙቐት ሰብነትና ልዕሊ 38 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ (102 ፋራናይት) ምስ ዝኸውን፡
- እቲ ሙቐት ሰብነት ንልዕሊ ሓሙሽተ መዓልታት ምስ ዝቕጽል፡
- ደም ዝተሓወሶ ዓኽታ ምስ ዝህልወና፡
- ብሰንኪ ሕጽረት እስትንፋስ ሃለዋትና ምስ እነጥፍእ።

### ብሰንኪ ነድሪ ጉርጉማ እስትንፋስ ምስ ዝሓጽረና ንገብሮ ዘቤታዊ ሜላ ኣተሓፍሳ

**ኣፍና ኣሸርሚምና ምስትንፋስ** (Pursed-lip breathing)፦ እዚ ከንፈርና ኣልጊብና ንእሽቶ ከፋት ገዲፍና ኣየር ክንስሕቦን ከውጽኦን ምኽኣል እዩ። እዚ ኣገባብ'ዚ ፍጥነት እስትንፋስና ከም ዝዝሕል ይገብር። ኣብ ነፍሲ-ወከፍ እስትንፋስ ድማ ኣዕሚቝና ኣየር ናብ ውሽጢ ከእቱን ከምኡ'ውን ናብ ደገ ከውጽእ የኽእለና።

**ንቅድሚት ቀኒንና ኮፍ ምባል** (Sitting forward)፦ ኮፍ ኣብ እንብለሉ እዋን ኣካላትና ክዘናን ዕረፍቲ ክረኽብን ስለ ዝኽእል ክስተንፍስ ኣይንሽገርን ኢና። ስለዚ፡ ሕጽረት እስትንፋስ ኪጋጥመና እንከሎ፦

- ኣብ ኩርሲ ኮፍ ኢልና፡ ኣእጋርና ምሉእ ብምሉእ ናብ መሬት ኣተንኪፍና ሕቖና ናብ ቅድሚት ከቐንና ይግባእ።
- ኣእዳውና ኣብ ሰለፍና ብምቕማጥ፡ ጭዋዳታት ክሳድናን መንኩብናን ግቡእ ዕረፍቲ ከም ዝረኽቡ ምግባር።

እዚ ዓይነት ኣቀማምጣ ናብ ሳንቡእ ተዘርጊሑም ዝርከቡ ሻምብቆታት እስትንፋስ ብግቡእ ክኽፈቱ ይሕግዞ።

**ርእስና ኣብ ጣውላ ኣደጊፍና ኮፍ ምባል** (Sitting forward supported by a table)፦ ኣብ ከባቢኻ መንበርን ጣውላን ምስ ዝህሉ፡ ኣጋጣሚኻ ዘሎ ሕጽረት እስትንፋስ ንምፍዋስ ተዘኺኻ ኮፍ ክትብል ከም እትኽእል እዮም ክኢላታት ዝሕብሩ።

- ኣእጋርና ምሉእ ብምሉእ ናብ መሬት ኣርጊጽና ኣብ'ቲ መንበር ኮፍ ምባል።
- ርእስናን ኣእዳውናን ኣብ ጣውላ ሰቒልና ብዘይጉእ ዕረፍቲ ምርካብ።

እዚ ዓይነት ኣቀማምጣ እዚ'ውን ናብ ሳንቡእ ተዘርጊሑም ንዝርከቡ ሻምብቆታት እስትንፋስ ኣብ ምኽፋት ልዑል ጥቕሚ እዩ ዘለዎ።

**ብሕቖና ተዘኒና ምድቃስ** (Sleeping in a relaxed position)፦ መደቀሲና ሰጥ ዝበለ ገይርና ኣብ ክሳድናን መንኮ እግርናን መተርኣስ ብምግባር ተዘኒና ምድቃስ። እዚ ኣገባብ'ዚ ሻምብቆታት ኣየር ክኽፈቱ ይሕግዝ እዩ።

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:05 | ዓለም ስነ ጥበብ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መሬትን ኣብቡጠን =ምሕደራ ደረቕ ጉሓፍ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ለስ ስፖርት |
| 14:25 | ዶክመንት |
| 15:55 | ዳህሳስ ሕትመት |
| 16:25 | ሰሙናዊ ስፖርት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ (ድግማ) |
| 18:25 | ሃገራዊ ፈስቲቫል ኤርትራ 2026 መዘከሪ |
| 19:25 | ሃሎ ቁልዑ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መደብ ዋልታ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም እንዳ ዝማም |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ጸባቐ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ዜና ዓለም

ማርታ ክብሮም

## ኢራን ንዩክሬን ተጠንቀቕ

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኢራን ዓባስ ኣራግቺ፡ ሃገሩ ነቲ ዩክሬን ኣብ ባሕሪ ካስፒያን ኣብ ልዕሊ ንግዳዊት መርከብ ዝፈጸመቶ መጥቃዕቲ ሕነ ከም እትፈድየሉ ኣጠንቂቑ።

ንሱ እቲ ብዩክሬን ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ንቻርተር ሕቡራት ሃገራት ብቐሊዕ ዝጥሕስ ምዃኑ'ውን ወሲኹ።

እቲ ብዓል ስልጣን ወሲኹ፡ እቲ መጥቃዕቲ ብእስራኤል ዝተሃንደሰ ምዃኑ'ውን ከሲሱ።

ብመሰረት ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኢራን፡ በቲ ኣብ ልዕሊ መርከብ ንግዲ ኢራን እተፈጸመ መጥቃዕቲ ሓደ ሰብ ክመውት እንከሎ ካልኦት ሓያሎ ሰባት ድማ ቆሲሎም።

ዩክሬን ንሓንቲ መርከብ ወግኢ ሩሲያን ኣብ ባሕሪ ካስፒያን ወተሃደራዊ መሳርሒታት ኢራን ኣብ ምጉዕዓዝ ዝጥፉ መራኽብን ከም ዝወቕዐት



ምግላጻ ይፍለጥ።

ኢራን ኣብ ግጭት ሩስያን ዩክሬንን ጣልቃ ኣትያ ከም ዘይትፈልጥ ብምግላጽ፡ እቲ ብዩክሬን ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ቅሉዕ ተጻብኦ ምዃኑ ትሕብር።

ሓላፊ ኮሚሽን ሃገራዊ ድሕነትን ፖሊሲ ወጻኢን ኢራን ኢብራሂም ዓዚዚ ብወገኑ፡ "ኣብ ልዕሊ ኢራን ዝፍጸም ዝኾነ መጥቃዕቲ ከሉ ግዜ ዋጋ ኣለዎ። ኣመሪካን እስራኤልን ዚ ኣጸቢቖን ይፈልጣኦ እየን። ዩክሬን'ውን ኢራን ንዝኾነ ዝፍጸማ መጥቃዕቲ ምላሽ ከይሃበት ከም ዘይትሓልፍ ኣብ ሓጺር ግዜ ክትፈልጥ እያ" ክብል ኣረዲኡ።

ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎዲሚር ዘለንስኪ ድማ፡ ዩክሬን ኣብ ባሕሪ ካስፒያን ናይ ነዊሕ ርሕቀት ድሮናት ተጠቒማ ኣዝዩ ወጽኢታዊ መጥቃዕቲ ከም ዝፈጸመት ሓቢሩ።

## ኮንጎ - ቁጽሪ ግዳያት ኢቦላ ይውስኽ

ኣብ ዲሞክራሲያዊት ረፐብሊክ ኮንጎ፡ ቁጽሪ ናይ'ቶም ብኢቦላ ዝተለኽፉ ሰባት 3,200 ክበጽሕ እንከሎ፡ 1405 ሰባት ድማ ሞይቶም ከም ዘለው፡ ጸብጻባት ጥዕና ናይታ ሃገር ኣመልኪቶም።



ብመሰረት እቲ ዝሓለፈ ሰንበት ዝወጸ ጸብጻብ ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ኣብ ውሽጢ'ዘን ዝሓለፋ 10 መዓልታት ጥራይ ኣስታት ሓደ ሽሕ ሰባት ብኢቦላ ተለኺፎም ኣለው።

እቲ ብ15 ግንቦት ናይዚ ዓመት'ዚ ዝጀመረ ለበዳ፡ ብንዲቡጆ ብዝበሃል ቫይረስ ኢቦላ ዝሰዓብ ኮይኑ፡ ክሳብ ሕጂ ዝኾነ ክታበት ይኹን መድሃኒት ክርከቦ ከም ዘይተኻእለ እዩ ዝነገረሉ።

ውድብ ጥዕና ዓለም፡ በቲ ቫይረስ ካብ ዝተለኽፉ ሰባት፡ እቶም 90 ሚእታዊት ኣብታ ምስ ደቡብ ሱዳንን ኡጋንዳን እትዳወብ ዞባ ኢቱሪ (ኮንጎ) ከም እተረኽቡ ሓቢሩ።

ሕቡራት ሃገራት ብወገኑ፡ እቲ ቫይረስ ዛጊት ናብ ሓሙሽተ ዞባታት ኮንጎ ተላቢዑ ከም ዘሎ ገሊጹ።

እቲ ለበዳ ክሳብ ምለእ ብምሉእ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ዝኣቱ ንተወሳኺ ሓያሎ ኣዋርሕ ክጸንሕ ከም ዝኽእል እዩም ሰብ መዚ ጥዕና ኮንጎ ዘረድኡ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ገለ ሆስፒታላት ዝሰርሑ ሓኪይም መሓያኦም ክኽፈሉ ብዘይ ምኽኣሎም ኣድማ ይገብሩ ብምህላዎም፡ እቲ ስጉምቲ ነቲ ለበዳ ንምግታእ ንዝካየድ ዘሎ ጻዕርታት ዕንቅፋት ኮይኑዎ ከም ዘሎ፡ እቶም ሰብ መዚ ወሲኾም ገሊጾም።

ኣብ ዝሓለፈ 50 ዓመታት፡ ኣብ መላእ ኣፍሪቃ ልዕሊ 15 ሽሕ ዜጋታት ብሕማም ኢቦላ ተለኺፎም ከም ዝሞቱ፡ ጸብጻባት ናይታ ኣህጉር ይጠቕሱ።

## "ትራምፕ ኣብ ጉዳይ ታሪፍ ስትራተጂያዊ ጌጋ እዩ ፈጺሙ፡" ፕረዚደንት ብራዚል



ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብ ልዕሊ ካብ ብራዚል ዝለኣኽ ንግዳዊ ምህርቲ ኣንቢሩዎ ዘሎ ቀረጽ ንቁጠባ ኣመሪካ ዝጎድእ ስትራተጂያዊ ጌጋ ምዃኑ፡ ፕረዚደንት ብራዚል ሉዊዝ ኢናስዮ ሉላ ዳ ሲልቫ ሓቢሩ።

ኣመሪካ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ልዕሊ ንግዳዊ ፍርያት ብራዚል 12.5 ሚእታዊት ቀረጽ ድሕሪ ምውሳኻ፡ መጠን ቀረጽ ናይ'ቲ ናብ ኣመሪካ ዝኣቱ ፍርያት ብራዚል ናብ 37.5 ሚእታዊት ክብ ከም ዝበለ እዩ ዝግለጽ።

ብመሰረት ጸብጻብ 'ግሎባል ትሬድ ኣለርት'፡ ብራዚልን ቱርክን ብመጠን ናይቲ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ንግዳዊ ፍርያተን ኣንቢራቶ ዘላ ቀረጽ፡ ድሕሪ ቻይናን ካልኣይ ደረጃ ሒዘን ይርከባ።

ፕረዚደንት ሉላ፡ ትራምፕ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ልዕሊ ብራዚል ዝኣወጆ ናይ 50 ሚእታዊት ቀረጽ፡ ፖለቲካዊ ድርኺት ዘለዎ ምዃኑ ወሲኹ።

ንሱ ወሲኹ፡ እቲ ቀረጽ፡ ነተን ኣብ እታው ምህርቲ ብራዚል ዝምርኮሳ ኢንዱስትሪታት ኣመሪካ ዝጎድእ፡ ንዋጋ ፍርያት መዓልታዊ ብምውሳኽ ድማ ኣቕሑ መኻይድን ኣመሪካ ክብ ከብልን ምኽኣሉ ኣጠንቂቑ።

ፕረዚደንት ሉላ ኣብ መወዳእታ፡ "እዚ ሓድሽ ቀረጽ ዘይፍትሓዊ ካብ ምዃኑ ሓሊፉ፡ ንቑጠባ ኣመሪካን ብራዚልን እውን ክጎድእ'ዩ" ክብል ኣረዲኡ።

## ዩክሬን - ብመጥቃዕቲ ሩስያ ሸዱሽተ ሰባት ተቐቲሎም

ሓይልታት ሩሲያ ኣብ ከያቭ፡ ሆርሎቭካ፡ ቸርኒሂቭን ካልኦት ከተማታትን ናይ ዩክሬን ብዘካየዶኦ መጥቃዕቲ ባሊስቲክ ሚሳይል፡ ብውሕዱ ዓሰርተ ሰባት ከም እተቐተሉ ሰብ መዚ ናይታ ሃገር ሓቢሮም።

ሓይሊ ኣየር ዩክሬን፡ ሩሲያ ኣብ ሓደ ለይቲ ሸውዓተ ባሊስቲካዊ ሚሳይላትን 136 ሰብ ኣልቦ ነፈርትን ናብ ዩክሬን ከም ዝወንጨፈት ድሕሪ ምጥቃሱ ከተማታት ከያቭ፡ ቸርኒሂቭ፡ ዛፖሪዝያን ካርኪቭን በቲ መጥቃዕቲ ዝያዳ ከም እተሃስያ ገሊጹ።



ሰብ መዚ ዩክሬን፡ ሓንቲ ድሮን ሩሲያ ኣብ ሓደ ዕዳጋ ናይ ከተማ ቸርኒሂቭ ድሕሪ ምውዳቓ፡ ክልተ ሰባት ከም ዝሞቱን ካልኦት 25 ከም ዝቖሰሉን ሓቢሮም።

ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎድሚር ዘለንስኪ ብወገኑ፡ ነቲ ኣብ ዕዳጋ ዝተኻየደ መጥቃዕቲ ብትሪ ኮኒኑዎ ኣሎ።

"እቲ መጥቃዕቲ ዝኾነ ወተሃደራዊ ምኽንያት ዘይብሉ፡ ካብ ኢልካ ዝተፈጸመ ናይ ራዕዲ ተግባር እዩ" ክብል'ውን ገሊጹዎ።

ሩሲያ ብወገና፡ እቲ ዝፈጸመቶ መጥቃዕቲ፡ መልሰ ግብሪ ናይቲ ዩክሬን ኣብ ልዕሊ ከተማ ኣዞቭ ዘካየደቶን ህይወት 12 ሰባት ዝወሰደን መጥቃዕቲ ምዃኑ ገሊጻ ኣላ።

ዩክሬንን ሩሲያን ኣብ 2022 ኩናት ካብ ዝጀምራ ንደሓር፡ ንሰላማዊ ህዝቢ ዒላማ ዝገበረ መጥቃዕትታት ከም ዝፈጽማ ክገልጻ እኳ እንተ ጸንሓ፡ ቁጽሪ ናይ'ቶም ብሰንኪ'ቲ ኩናት ዝቕተሉ ዘለዉ ሰላማውያን ሰባት ግና ኣዝዩ ብዙሕ ምዃኑ እዩ ሕቡራት ሃገራት ዝሕብር።

## ፓኪስታን - ብዕልቕልቕ ልዕሊ 100 ሰባት ሞይቶም



ኣብ ፓኪስታን ብዘውቅዕ ዘሎ ብርቱዕ ዝናብን ንሱ ብዝሰዓቦ ውሕጅን ዕልቕልቕን ብውሕዱ 107 ሰባት ክሞቱ ከለው፡ ካልኦት ልዕሊ 344 ሰባት ድማ ከም ዝቖሰሉ፡ ሰብ መዚ ናይታ ሃገር ገሊጾም።

ብዘይካ'ዚ፡ በቲ ዝናብ ብኣማኢት ዝቖጸሩ ኣባይቲ ዕንወት ኣጋጢሙዎም ከም ዘሎ፡ እቶም ሰብ መዚ ወሲኾም ሓቢሮም።

ሃገራዊ ብዓል መዚ ምሕደራ ሓደጋ ፓኪስታን፡ ልዕሊ ፍርቂ ካብ'ቶም ግዳያት ኣባይቶም ፈሪሱዎም ተጻቒጦም ዝሞቱ ከም ዝኾኑ ገሊጹ።

ሓደ ስሙ ዘይተገልጸ ላዕለዋይ ብዓል መዚ ፓኪስታን ብወገኑ፡ ብሰንኪ እቲ ባህርያዊ ሓደጋ፡ ኣብ ከተማታት ላሆርን ጉጅራንዋላን ኣስታት 400 ትርብዒት ኪሎ ሜትር ዝሰፍሓቱ መሬት ብማይ ኣዕለቕሊቑ ከም ዘሎ ኣረዲኡ።

ዝሓለፈ ዓመት፡ ኣብ ፓኪስታን ብዝዘረመ ዝናብን ንሱ ብዝሰዓቦ ብርቱዕ ውሕጅን 1,037 ሰባት ክሞቱ እንከለው፡ ካልኦት ኣስታት ክልተ ሚልዮን ነበርቲ ድማ ካብ መረበቶምን መንበሮኦምን ከም እተመዛበሉ፡ ብሚልዮናት ዝቖጸሩ ጥሪት'ውን ከም ዝሞታ፡ ጸብጻባት ናይታ ሃገር የመልክቱ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ኣምፒር | 28/07/2026 | ጎደና ሓርነት ቁ.158፡ ፊት ሲነማ ኣምፒር | 121480 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services